መበል 36 ዓመት ቁ.66 ሰንበት 15 ሕዳር 2026 ገጻት 8 ዋጋ 2.00 ናቕፋ

ገጽ 7

ዜና

ገጽ 2 ገጽ 3 ገጽ 5 ገጽ 8

ካብ
ኣደነቕቲ
ታሪኻውያን
ፍጻመታት

ሌላ ምስ ደጀንን ክፍልታትን
ህዝባዊ ግንባር ወግዒ
ምስ
ሸሪፋን
ኣሮዲን

ኤርትራውያንን ዜጋታት ቀርኒ ኣፍሪቃን ዝተሳተፍዎ ሰላማዊ ሰልፊ ተኻዪዱ
ካብ መላእ ኤውሮጳ ዝተኣኻኸቡ
ኤርትራውያን ከምኡ’ውን ዜጋታት
ሱዳን፡ ኢትዮጵያን ሶማልያን
ዝተሳተፍዎ፡ “እወ ንሰላም - ኣይፋል
ንኲናት” ብዝብል ጭርሖ ዝተወደበ
ሰፊሕ ሰላማዊ ሰልፊ፡ ብ13 ሕዳር ኣብ
ከተማ ጀኔቫ ተኻዪዱ።

እቶም ካብ ስዊዘርላንድ፡ ጀርመን፡
ዓዲ-እንግሊዝ፡ ጥልያን፡ ፈረንሳ፡
ሆላንድ፡ ቤልጁም፡ ሽወደንን
ዴንማርክን ዝተኣኻኸቡ ሰልፈኛታት፡
ንሰላም ዝጽውዕን ንኲናት ዝዂንን
ጭርሖታትን ባንዴራታት ሃገራቶምን
ብምንብልባል፡ ንሰላምን ምዕባለን
ዘለዎም ባህግን ሃንቀውታን ዝገልጽ
ክታማት ዝሓዘ ሰነድ፡ ብወከልቶም
ኣቢሎም ናብ ቤት-ጽሕፈት ባይቶ
ሰብኣዊ መሰላት ውድብ ሕቡራት
ሃገራት ከምዘቕረቡ፡ ካብ’ቲ ቦታ

ዝበጽሓና ሓበሬታ ኣፍሊጡ።
ኣቦ-መንበር ሃገራዊ ሽማግለ
ኤርትራውያን ኣብ ስዊዘርላንድ ኣቶ

ምሕረትኣብ ማልክ ኣብ ዘስመዖ መደረ፡
እቲ ናብ ውድብ ሕቡራት ሃገራት
ዝቐረበ መልእኽቲ፡ ኣብ ኢትዮጵያ

ስልጣን ሒዙ ዘሎ ስርዓት ብልጽግና
ኣብ ልዕሊ ኤርትራን ጐረባብቲ ሃገራትን
ዝገብሮ ዘሎ ናይ ወራር ምጉብዕባዕ፡

ንመትከላት ናጽነት፡ ልኡላውነትን
ግዝኣታዊ ሓድነትን ኣብ ሓደጋ ዘእቱ፣
ከምኡ’ውን ንኣህጉራዊ ሕጊ ዝጥሕስን
ንቻርተር ውድብ ሕቡራት ሃገራት
ዝጻረርን ብምዃኑ መውረርያ ክግበረሉ
ዘዘኻኽር ከምዝዀነ ገሊጹ።

“ካብ ውድብ ሕቡራት ሃገራት
እንሓቶ፡ ዝቖመሎም መትከላትን
ቻርተርን ብዘይ ዝኾነ ቅድመ-
ኩነት ክኽበሩ ጥራይ’ዩ።” ዝበለ ኣቶ
ምሕረትኣብ፡ ውድብ ሕቡራት
ሃገራት ግጭታት ናይ ምክልኻልን
ንልኡላውነት ኣባል ሃገራት ናይ
ምሕላውን ሓላፍነቱ ንምትግባር
ስጉምቲ ክወስድ ጸዊዑ።
ኣብ’ቲ ኣጋጣሚ፡ ወከልቲ ህዝብታት
ቀርኒ ኣፍሪቃ ከምኡ’ውን ፈተውቲ
ህዝቢ ኤርትራ ስዊዘርላንዳውያን፡ ናይ
ደገፍ መልእኽቲ ኣስሚዖም።

ዓለምለኻዊ መዓልቲ ሕማም ሽኮርያ፡ ብደረጃ ሃገር ተዘኪራ
14 ሕዳር - ዓለምለኻዊ መዓልቲ
ሕማም ሽኮርያ፡ “ኣንጻር ዝምዕብል ዘሎ
ቅልውላው ሕማም ሽኮርያ፡ ሕብረት
ብምፍጣር ንመክቶ’’ ብዝብል ቴማ፡
ብደረጃ ሃገር ኣብ ኣስመራ ተዘኪራ።

ኣቦ-መንበር ሃገራዊ ማሕበር ሕማም
ሽኮርያ ዶ/ር ጎይትኦም መብራህቱ
ኣብ ዘስመዖ ቃል፡ ብደረጃ ዓለም
ቅልጡፍ ዕብየት ብምርኣይ በዳሂ
ኮይኑ ንዝርከብ ሕማም ሽኮርያ ብኣጋ
ተረዲእና፡ ኣቐዲምና ስጉምቲ ክንወስድ
ከምዝግባእ ገሊጹ።

ኣብ ሚኒስትሪ ጥዕና ግዝያዊ ዋና
ዳይረክተር ክፍሊ ህዝባዊ ጥዕና ዶ/ር
ዓንደብርሃን ተስፋጽዮን ብወገኑ፡
ኣብ’ዚ እዋን’ዚ ብደረጃ ዓለም ኣስታት
600 ሚልዮን፣ ብደረጃ ኣፍሪቃ 24
ሚልዮን፣ ብደረጃ ሃገርና ድማ ልዕሊ
70 ሽሕ ምስ’ቲ ሕማም ከምዝነብሩ
ብምጥቃስ፡ እዚ ቁጽሪ’ዚ ኣብ 2050
ብደረጃ ዓለም ናብ ልዕሊ 850
ሚልዮን ክዓቢ ከምዝኽእል ብምእማት፡
ግቡእ ፍወሳ ዘይረኸቡን ቀልጢፎም

ሕማሞም ዘይፈልጡን፡ ኣደዳ ሞት፡
ነባሪ ስንክልና፡ ወቕዒ ልቢ፡ ዑረትን
ካልእ ሳዕቤናትን ከምዝዀኑ ኣብሪሁ።

ኣብ ጨንፈር ጥዕና ዞባ ማእከል ሓላፊ
ኣሃዱ ዘይተመሓላለፍቲ ሕማማት ኣቶ
ተወልደ ብርሃነ ድማ፡ ኣብ’ቲ ዞባ ኣብ

ዝሓለፈ ሓሙሽተ ዓመታት ኣስታት
4 ሽሕ ሓደስቲ ሕሙማት ሽኮርያ
ከምእተመዝገቡ ብምሕባር፡ ነፍሲ-
ወከፍ ዜጋ ኩነታት ጥዕንኡ ንኽፈልጥ
መርመራ ክገብር መኺሩ።

ኣብ ምምሕዳር ዞባ ማእከል

ዋና ዳይረክተር ክፍሊ ማሕበራዊ
ኣገልግሎት ኮሎኔል ገብረሃንስ
ወልደገርግሽ ኣብ ዝሃቦ መዛዘሚ
ቃል፡ ኩሉ ኣካል ሕብረተሰብ ምኽሪ
ሞያውያን ብምኽታል፡ ከምኡ’ውን
ንቕሓትን ኣፍልጦን ብምብራኽ ኣብ

ምክልኻል ሕማም ሽኮርያ ኣበርክቶኡ
ከዕዝዝ ተላብዩ።
እቲ መደብ፡ ብጥዕናዊ ኣስተምህሮ፡
ውድድር ሓፈሻዊ ፍልጠት፡ ከምኡ’ውን
ሰልፊን ስነ-ጥበባዊ መሰናድኦታትን
ዝተሰነየ ነይሩ።

ዓለምለኻዊ መዓልቲ ሕማም ሽኮርያ፡
ብደረጃ ዓለም ንመበል 36፣ ብደረጃ
ሃገርና ድማ ንመበል 24 ግዜኣ ትዝከር
ኣላ።

ተጻወትቲ ማን.ዩናይትድ ካብ
ፖቸቲኖ እንታይ ይጽበዩ፧

ሃበሮ - ኣደታት ንዝተራሕወለን ዕድል ትምህርቲ ክጥቀማሉ መዘኻኸሪ ቀሪቡ
ኣብ ዓሪታይ - ንኡስ ዞባ ሃበሮ፡
ኣብ ማእከላይን 2ይን ደረጃ ምስ
በጽሓ ብዝተፈላለየ ምኽንያት ካብ
መኣዲ ትምህርቲ ኣቋሪጸን ዝጸንሓ
ኣደታት፡ ዳግማይ ንዝተራሕወለን
ዕድል ትምህርቲ ብዝግባእ ክረብሓሉ
ጻውዒት ቀሪቡ።

ርእሰ-መምህር ቤት-ትምህርቲ
ዓሪታይ መምህር ዓሊ መሓመድ-
ስዒድ ኣብ ዝሃቦ ሓበሬታ፡ ምስ
ጨንፈር ትምህርቲ ዞባ ዓንሰባ
ብምርድዳእ፡ ካብ 6ይ ክሳብ 12
ክፍሊ ናይ ትምህርቲ ዕድል
ከምእተኸፍተለን ብምሕባር፡ ኣብ 8ይ

ክፍሊ 34፡ ኣብ 11 ክፍሊ 18፡ ኣብ
12 ክፍሊ ድማ 17 ደቂኣንስትዮ
ተመዝጊበን ትምህርተን ይከታተላ
ከምዘለዋ ኣብሪሁ።

መብዛሕትአን ንነዊሕ ግዜ ካብ
መኣዲ ትምህርቲ ተፈልየን ምጽንሐን

ብምጥቃስ ድማ፡ ትምህርተን
ብተገዳስነት ክከታተላን ንካልኦት
ጽቡቕ ኣብነት ክኾናን ኣዘኻኺሩ።

ሓላፊ ትምህርቲ ኣብ’ቲ ንኡስ ዞባ
መምህር ዑስማን መሓመድ-ኣድም
ብወገኑ፡ ብዘይካ ኣብ ምምሕዳር ከባቢ

መዝረት፡ ኣብ ዝተረፋ ምምሕዳራት
ከባቢ ምሸታዊ ትምህርቲ ካብ 6ይ
ክሳብ 11 ክፍሊ ይወሃብ ከምዘሎን
ብርክት ዝበላ ኣዴታት ይምሃራ
ምህላወንን ብምሕባር፡ ኣብ ስሩዕ
ትምህርቲ ዝተጸንበራ ኣደታት’ውን
ከምዘለዋ ኣረዲኡ።

ሓዳስ ኤርትራ መበል 36 ዓመት ቁ.66 15 ሕዳር 2026 - ገጽ 2

ብዘይካ ሰኑይ መዓልታዊ እትሕተም ጋዜጣ

ዋና ኣሰናዳኢ

ብርሃነ ምሕረትኣብ
ምክትል ኣሰናዳኢ
ዓብደልቃድር ኣሕመድ

ቍ.ስ 116266 / 201820 (256)

ቦርድ ምስንዳእ

ዮሴፍ ሃይለማርያም
ምሉእብርሃን ሃብተገብርኤል
ተስፋኣለም የማነ
ሙሴ ገ/እግዚኣብሄር

ቍ.ስ 201820 (250)
ፋክስ. 127749 - ቍ.ሳ.ጶ. 247

ምዝርጋሕ ጋዜጣ
ቍ.ስ.113395-07588045
ምልክታ
ቍ.ስ. 125013 - ቍ.ሳ.ጶ. 1284

ለይ-ኣውት
ፍርቱና ኤፍሬም ትንሱእ ፍስሃየ
ሳምራዊት ሃብተ ሰሎሜ ኣፈወርቂ
ፋጥና ኣድም

ኣባላት ፖሊስ ትራፊክ ዞባ ማእከል፡ ደም ለጊሶም
ኣባላት ፖሊስ ትራፊክ ዞባ
ማእከል፡ ብ7 ሕዳር ካብ ማእከላይ
ቤት-ጽሕፈት ፖሊስ ትራፊክ ናብ
ሃገራዊ ባንክ ደም ብሰልፊ ተጓዒዞም
ብዝወሰድዎ ተበግሶ፡ 33 ከረጺት
ደም ለጊሶም።

ልግሲ ደም ዓመታዊ ዘካይድዎ
መደብ ምዃኑ ዝሓበረት ምኽትል
ተለንተ ቀመር ኣሕመድ፡ ደም
ምልጋስ ጻውዒት ዘየድልዮ ሰናይ
ተግባር ብምዃኑ፡ ኣባላት ፖሊስ
ትራፊክ ብንቕሓት ከምዝሳተፍዎ
ኣብሪሃ።

ኣብ ሃገራዊ ባንክ ደም ኣወሃሃዲ

መደብ ልግሲ ደም ነርስ ዑቕባይ
ዮውሃንስ ብወገኑ፡ ብውልቂ
ይኹን ብጥርኑፍ ዝልግሱ ወገናት፡
ኣብ ድሕነት ህይወት ዜጋታት
ዓቢ ኣበርክቶ ይገብሩ ከምዘለዉ
ብምጥቃስ፡ ብኣባላት ፖሊስ ትራፊክ
ዝተወሰደ ተበግሶ፡ ንካልኦት ኣብነት
ምዃኑ ኣረጋጊጹ።

ለገስቲ ብወገኖም፡ ደም ምልጋሶም
ኩነታት ጥዕናኦም ንኽፈልጡ’ውን
ከምዝሓገዞም ብምጥቃስ፡ ሂወት
ዜጋታት ንምድሓን ብቐጻሊ ክልግሱ
ድልዋት ምዃኖም ገሊጾም።

ሳዋ - ሃማመተኤ ንመንእሰያት ሰራሕተኛታት ስልጠና ወዲቡ
ሃገራዊ ማሕበር መንእሰያትን
ተመሃሮን ኤርትራ ጨንፈር ዞባ
ሳዋን ትካላት ላዕለዋይ ትምህርትን፡
ብ7ን 8ን ሕዳር ካብ ኩለን ኮለጃት
ንዝተዋጽኡ 65 መንእሰያት
ሰራሕተኛታት ስልጠና ኣካያዲት
ኣካል ወዲቡ።
እቲ ኣብ ኣስመራ ዝተዋህበ
ስልጠና፡ ኣብ ፖለቲካዊ ስነ-ሓሳብ፡

እምኒ-ሓይሊ - ንፈተነ ዝተዳቐለ ብጫ ዕፉን፡ ኣተባባዒ ውጽኢት ተረኺብዎ
ኣብ ን/ዞባ እምኒ-ሓይሊ፡ ኣብ ዓድታት
መፋልሶን ማእዶን ብኣብነታውያን
ሓረስቶትን ክትትል ሰብ-ሞያ ሕርሻን
ንፈተነ ዝተዳቐለ ብጫ ዕፉን ኣተባባዒ
ውጽኢት ከም እተረኽቦ፡ ብ10 ሕዳር
ኣብ ዝተኻየደ ዑደት ተገሊጹ።
ክኢላ ልምዓት ብቑሊ ኣብ ንቑጣ
ምም/ከባቢ ዓዲ-ቖዶ ኣቶ ያቆብ መንግስ
ኣብ ዝሃቦ ሓበሬታ፡ እቲ ብሚኒስትሪ
ሕርሻ ዝተዓደለ ምሩጽ ዘርኢ ዕፉን፡
ኣብ ዝተደኰዐን ግቡእ ምልስላስ

ስነ-ልቦና፡ መሪሕነትን ምሕደራን፡
ከምኡ’ውን ኣብ ፕሮግራም ማሕበር
ኣተኩሩ’ዩ ተዋሂቡ።

ሓላፊት ሃማመተኤ ዞባ ሳዋን
ትካላት ላዕለዎት ትምህርትን ወ/ሮ
መንሱራ እስማዒል ኣብ ዘስመዓቶ
ቃል፡ ኣብ ሳዋ እቲ ውዳበ ብደረጃ
ተመሃሮ፡ መምህራንን ኣባላት
ሰራዊትን ክተሓዝ ከሎ፡ ኣብ ኮለጃት

ድማ ብደረጃ ወዳበ ተመሃሮን
መምህራንን ተታሒዙ ይስራሓሉ
ከምዘሎ ኣብሪሃ።
እቲ ስልጠና መባእታዊ’ኳ እንተኾነ፡
ሓባራዊ መረዳእታ ብምፍጣር፡

ምቹእ ናይ ስራሕ ባይታ ከረጋግጽ
ዘለዋ ተስፋ ብምጥቃስ፡ ሰልጠንቲ
ኣኣብ ኮለጆም ከድምዑሉ ዝኽእሉ
ንጥፈታት ነዲፎም ከቕርቡ
ተላብያ።

ኣብ መወዳእታ፡ ኣቦ-መንበር
ሃማመተኤ ኣቶ ሳልሕ ኣሕመዲን፡
ብዛዕባ ህልው ኩነታት ማሕበርን
ኣብ ሰልጠንቲ ዝግበር ትጽቢትን
ኣተኲሩ ሰሚናር ኣካዪዱ።

ዝተኻየደሉን ግራውቲ ከምእተዘርአን
ብመስኖ ከምዝሰተየን ብምጥቃስ፡
ውጽኢቱ ዘዕግብ ምዃኑ ኣብሪሁ።
ነቲ ዕፉን ካብ ዘዳቐሉ ኣብነታውያን
ሓረስቶት ብወገኖም፡ ብመሰረት
ሓበሬታን መምርሕን ክኢላታት
ሕርሻ ግቡእ ምክትታልን ምክንኻንን
ከምዝገበሩሉ ብምግላጽ፡ ትሕዝቶኡ ኮነ
መቐረቱ ጽቡቕ ከምዝዀነ ሓቢሮም።
ኣብ ቤት-ጽሕፈት ሕርሻ’ቲ ን/ዞባ
ክኢላ ልምዓት ብቑሊ ኣቶ ኣማኒኤል

ገብረብርሃን ኣብ ዝሃቦ ሓበሬታ፡ እቲ
ምሩጽ ዘርኢ ኣብ ኣርባዕተ ኣዋርሕ
ከምዝኣክል፣ ቃንጫኡ’ውን ንመግቢ
እንስሳ ብሓፈሻ ንናይ ጸባ ከብቲ ድማ
ብፍላይ ጠቓሚ ምዃኑ ኣረዲኡ።
ነቲ ብኣብነታውያን ሓረስቶት
ዝለምዐ ብጫ ዕፉን ዝተዓዘቡ ሓረስቶት
ብወገኖም፡ ብልጫኡ ብግብሪ
ተዓዚቦሞ ከምዘለዉ ብምሕባር፡ ኣብ
መጻኢ ክዘርእዎ ዘለዎም ድልውነት
ኣረጋጊጾም።

ዓንሰባ - ምፍራይ ናይ ገደና ደርሁ ብዝለዓለ ይስራሓሉ ኣሎ
ኣብ ዞባ ዓንሰባ፡ ስድራቤታት
ብሓፈሻ ሓረስቶት ድማ ብፍላይ ናይ
ገደና ደርሁ ኣፍርዮም ውሕስነት
መኣዛዊ መግቢ ንኸረጋግጹ ብዝለዓለ
ይስራሕ ከምዘሎ ተሓቢሩ።
ኣብ ጨንፈር ሚኒስትሪ ሕርሻ
ሓላፊ ኣሃዱ ልምዓት ደርሁ ኣቶ
ገብረሂወት ምስግና ንኤሪና ኣብ
ዝሃቦ ሓበሬታ፡ ምፍራይ ናይ ገደና
ደርሁ፡ ኣብ ምድጋፍ ቁጠባን ስርዓተ
ኣመጋግባን ስድራቤታት ኣገዳሲ
ኣበርክቶ ስለዘለዎ፡ ነዚ ብሉጽ
ልምዲ ብስነ-ፍልጠታዊ መንገዲ

ንምምዕባሉን ዝርከብ ምህርቲ
ንምስሳንን ብዕቱብ ዝተታሕዘ መደብ
ምዃኑ ገሊጹ።
ናይ ገደና ደርሁ ንምፍራይ፡ እቶም
መሰረታውያን ረቛሒታት - ምስ
ኩነታት ኣየር ከባቢኻ ዝሰማማዕ
ብቑዕን ካብ ለመምታ ውሑስ ዝኾነን
ሰፈር ምድላዉ፣ ኣመጋግባ ብስሩዕ
ምክትታል፣ ከምኡ’ውን ምክልኻል
ሕማማት ምዃኖም ብምብራህ፡ ነዚ
ክውን ንምግባር ቀጻሊ ጎስጓስን
ስልጠናን ከምዝወሃብ ሓቢሩ።
“ውሑስ መኣዛዊ መግቢ ኣብ

ኩሉ ንኹሉ” ንምርግጋጽ፡ ሓረስቶት
ንምፍራይ ናይ ገደና ደርሁ ማዕረ-
ማዕረ ፍርያት ጸባን መዓርን ርእዮም
ብዕቱብ ክሕዝዎ፡ ኣቶ ገብረሂወት
ብተወሳኺ ጸዊዑ።
ኣብ መወዳእታ ድማ፡ ደርሁ ግቡእ
ክንክንን ኣመጋግባን ምስ ዝግበረለን፡
ዝህብኦ ምህርቲ እንቋቚሖ ተዓጻጻፊ
ከምዝኸውን ብምብራህ፡ ሓረስቶት
ምስ ክኢላታት ሕርሻ ጥቡቕ ርክባት
ክፈጥሩን ናይ ሕማም ምልክት ምስ
ዝርአ ንዝምልከቶ ቅልጡፍ ሓበሬታ
ክህቡን ኣዘኻኺሩ።

ዜና

ርትዓዊ ተጠቃምነት መድሃኒት ንኽረጋገጽ፡ ንቕሓት ክብርኽ ጻውዒት ቀሪቡ

ርትዓዊ ተጠቃምነት መድሃኒት
ንኽረጋገጽ፡ ብቐንዱ ዝምልከቶም
ኣካላት፡ ሕብረተ-ሰብ ድማ ብሓፈሻ
ብንቕሓትን ዕቱብነትን ክዓዪ፡
ሚኒስትሪታት ጥዕናን ሕርሻን
ከምኡ’ውን ሚኒስትሪ መሬት፡ ማይን
ኣከባብን ኣብ ዘውጽእዎ ሓባራዊ
መግለጺ ጻውዒት ኣቕሪቦም።

እቲ ብምኽንያት ዓለማዊ ቅነ
ተጻዋርነት ንመድሃኒታት ጸረ-
ታህዋስያን ምርኩስ ዝገበረ መግለጺ፡
ኣብ ሃገርና “ብውህደት፡ ተጻዋርነት
ንመድሃኒታት ጸረ-ታህዋስያን
ንከላኸል!” ብዝብል ቴማ፡ ካብ 16

ክሳብ 22 ሕዳር ጐስጓሳት ክካየድ
ምዃኑ ኣነጺሩ።

ኣወሃሃዲት ሃገራዊ መደባት
ምክልኻል ተጻዋርነት መድሃኒት
ጸረ-ታህዋስያን ወ/ሮ ሳብሪና
ሙሉጌታ ኣብ ዝሃበቶ ቃለ-
መሕትት፡ ተጻዋርነት ንመድሃኒታት
ጸረ-ታህዋስያን፡ ጠንቂ ብዙሓት
ሕማማት ዝዀኑ ከም ባክተርያ፡
ቫይረስ፡ ፋንጋስን ጽግዕተኛታትን
ዝኣመሰሉ ታህዋስያን ክውስኹ
ከለዉ፣ ወይ ድማ ንዓኣቶም
ዝቐትል መድሃኒት ውጽኢታውነቱ
ምስ ዝንኪ ከምዘጋጥም ኣብሪሃ።
ዘይውሑስ ኣጠቓቕማ መድሃኒት፡

ባዕላዊ ፍወሳ፡ መድሃኒት ኣብ
ግቡእ ሰዓታት ዘይምውሳድ፡
ሕማመይ ሒሹኒ’ዩ ኢልካ ብኢደ

ወነንካ ምቊራጽ፡ ተመሳሳልነት
ምልክታት ሕማም ኣመኽኒኻ
መድሃኒት ንኣባላት ስድራ
ምክፋል፡ ከምኡ’ውን መድሃኒት
ብዘይግቡእ ምውጋድን
ምጉሓፍን፡ ካብ ቀንዲ ጠንቂታት
ተጻዋርነት ንመድሃኒታት ጸረ-
ታህዋስያን ምዃኖም ድማ
ኣገንዚባ።

ወ/ሮ ሳብሪና ብተወሳኺ፡
ብሰንኪ ተጻዋርነት ንመድሃኒታት
ጸረ-ታህዋስያን፡ ብቐሊሉ ዝፍወስ
ዝነበረ ሕማማት ንምፍዋሱ
ኣጸጋሚ ኰይኑ ከምዘሎ፣
ተሓከምቲ ድማ ንንውሕ ዝበለ

እዋን ኣብ ትካላት ጥዕና ክጸንሑን
ንዘይተደልየ ተወሳኺ ወጻኢታት
ይቃልዑን ከምዘለዉ ብምጥቃስ፡
እዚ ኵነት’ዚ ዓመታዊ ብደረጃ
ዓለም ሞት ልዕሊ ሓደ ሚልዮን
ሰባት የኸትል ብምህላዉ ብዕቱብ
ክርአ ከምዝግባእ ኣነጺራ።

ብመሰረት ወጺኡ ዘሎ መደብ፡
ንቕሓት ዜጋታት ብሓፈሻ
ንምብራኽ፡ ካብ 16 ክሳብ 22 ሕዳር
ብደረጃ ሃገር ጐስጓስ ብመራኸቢ
ብዙሃን፡ ከምኡ’ውን ኣስተምህሮታት
ኣብ ኣብያተ-ትምህርቲ፡ ትካላት
ጥዕናን ምምሕዳራትን ክካየድ
ምዃኑ ተፈሊጡ’ሎ።

ሓዳስ ኤርትራ መበል 36 ዓመት ቁ.66 15 ሕዳር 2026 - ገጽ 3

መዛነዪ
ማርታ ክብሮም

ኣነቓቓሕቲ ዛንታታት
1. እቲ ለባም ሰብኣይ

ሓደ እዋን ኣብ ሓደ ዓዲ ኣብ እዋን
ዕራርቦ ኣብ ሓንቲ ቦታ ኮፍ ናይ ምባል
ልማድ ዝነበሮ ሰብኣይ ነበረ። ኣብ ጥቓኡ
ኮፍ ኢሎም ዘውግዑ ጉጅለ መንእሰያት
ድማ ነበሩ። እቶም መንእሰያት ቀጻሊ
ብዛዕባ ሓደ ጉዳይ ደጋጊምካ ናይ
ምዝራብን ምምራርን ኣመል ነበሮም። እቲ
ሰብኣይ ሓደ መዓልቲ ኣብ ክንዲ ኣብ’ቲ
ለውጢ ዘይብሉ ተደጋጋሚ ዕላሎም
ዝሓብር ወይ ርእይቶ ዝህብ ሓንቲ ዋዛ
ክነግሮም ወሰነ። እቶም መንእሰያት በቲ
እቲ ሰብኣይ ዝነገሮም ዋዛ ትዋሕ ኢሎም
ሰሓቑ። እቲ ሰብኣይ ነታ ዋዛ መሊሱ
ደገማ፡ ውሑዳት ሰባት ጥራይ ሰሓቑ።
ንመበል ሳልሳይ ግዜ ምስ ደገማ ግና
ዝሰሓቐ ሰብ ኣይነበረን። ብኣንጻሩ ከኣ
ንምንታይ ንሓንቲ ዋዛ ከም ዝደጋገማ
ከጉረምርሙ ጀመሩ። ድሕሪ’ዚ እቲ
ሰብኣይ ፍሽኽ እናበለ፡ “እታ ዝነገርክኹም
ዋዛ ሽሕ ግዜ መስሓቕ ትኹን ልዕሊ ሓደ
ግዜ ግና ከተስሕቐኩም ኣይከኣለትን።
ብዛዕባ ሓደ ጉዳይ ደጋጊምካ ምዝራብ
እንታይ ትርጉም እዩ ዘለዎ፧ ብዙሓት
ሰባት ካልእ ሰብ ንጥርዓኖም ዝኸውን
መልሲ ክህቦም ወይ ካልእ ሰብ
መፍትሒ ከምጽኣሎም ይጽበዩ። እዚ
ግና ግቡእ ኣይኮነን። ስለዚ ጸገም ኣብ
ዘጋጥመኩም መፍትሒ ንምርካብ ደኣ
ክትበገሱ ኣለኩም እምበር፡ ኢድኩም
ኣጣሚርኩም ብዛዕባ እቲ ጉዳይ
ደጋጊምኩም ኣይትዛረቡ፡” ኢሉ ግርም
ትምህርቲ መሃሮም።

2. ሓይሊ ቃላት

ሓደ መዓልቲ ሓደ ናይ ስነ-ልቦና ምሁር
ንሓይሊ ቃላት ኣመልኪቱ ኣስተምህሮ
እናሃበ እንከሎ፡ ሓደ ወዲ ኢዱ ሓፍ
ብምባል፡ “ንዓይ፡ ብቓላተይ ደጋጊመ

ጽቡቕ ዕድል ወይ ሕማቕ ዕድል ብምባል
ኣይኮነን ጽቡቕ ወይ ሕማቕ ዝስማዓኒ።
ንዓይ እዚኦም ተራ ቃላት እዮም። ቃላት
ዋላ ሓንቲ ሓይሊ የብሎምን” በሎ’ሞ፡
እቲ ምሁር ትቕብል ኣቢሉ፡ “ሱቕ በል
ዓሻ፡ ንስኻ ብዛዕባ’ዚ ጉዳይ ዋላ ሓንቲ
ርድኢት የብልካን” ምስ በሎ፡ እቲ ወዲ
ደሙ ፈልሖ። ገጹ ናብ በርበረ ተቐዪሩ
ከኣ ካብ ኮፍ መበሊኡ ተንሲኡ ሕማቕ
ቃላት እናውጸአ ክጻረፍ ጀመረ። እቲ
ምሁር ኢዱ ሓፍ ብምባል፡ “በጃኻ

ብዙሕ ይቕረታ ግበረለይ። ከሕርቐካ
ኣይሓሰብኩን ተጋግየ እየ” በሎ’ሞ፡ ወዲ
ንእለት ክሃድእ ጀመረ። ኩሎም ኣብቲ
ኣዳራሽ ዝነበሩ ተማሃሮ ድማ መምህሮም
ብምጽራፉ ጉሪምሪም ክብሉ ጀመሩ። እቲ
ምሁር ጸኒሑ፡ “እዚ’ዩ እቲ መልሲ ናይቲ
ርእይቶኻ። ገለ ቃላት ኣሕሪቖሙኻ፡ ገለ
ከኣ ኣህዲኦሙኻ። ሕጂ’ኸ ሓይሊ ቃላት
ተረዲእካዮም’ዶ፧ ምስ በሎ ኩሎም ኣብቲ
ኣዳራሽ ዝነበሩ ብመልሲ ናይ መምህሮም
ኣዝዮም ተደነቑ።

ካብ ኣደነቕቲ ታሪኻውያን ፍጻመታት

ካብ ስግንጢራውያን ሕግታት

• ኣብ ሃገረ ታይላንድ ጸጋማይ ኢድካ ከም ረሳሕ ስለዝሕሰብ ብጸጋማይ ኢድካ ምብላዕ ፍቑድ ኣይኮነን።
• ኣብ ዴንማርክ ከይተመርዓኻ 25 ዓመት ምስ እትመልእ፡ ቤተ ሰብካን ፈተውትኻን ናብ መላእ ኣካላትካ ቃርፋ ክስንዱውልካ ምርኣይ ልሙድ ተርእዮ እዩ። 30 ዓመት እንተ ገይርካ ግና በርበረ እዮም ናብ ልዕለኻ ዝንስኑስልካ።
• ኣብ ጀርመን ቤት ጽሕፈትካ መስኮት ዘይብሉ ክኸውን ፍቑድ ኣይኮነን።
• ኣብ ኣይስላንድ ካብ 1910 ክሳብ 1977 ኣብ ዝነበረ ግዜ፡ ጸባ ክትገዝእ ምስ እትደሊ፡ ናብተን ዝተፈቕደለን ውሱናት ቦታታት እንተ ዘይኮይኑ፡ ካብ ዝኾነ ቦታ ምግዛእ ብሕጊ የቕጽዕ ነበረ።
• ኣብ ደቡብ ኣፍሪቃ ካብ መንግስቲ ፍቓድ ከይረኸብካ ቲቪ ምግዛእ ክልኩል እዩ።
• ኣብ ሲንጋፖር ማስቲካ ክትሕይኽ ፍቑድ ኣይኮነን። ማስቲካ ምሻጥ’ውን ገንዘባዊ መቕጻዕቲ ወይ ከኣ ክሳብ ክልተ ዓመት ከእስር ይኽእል።
• ኣብ ኖርወይ ኣብ መዓልቲ ሰንበት ኣልኮል ምሻጥን ምዕዳግን ክልኩል እዩ።
• ኣብ ቱርኪ ኣብ 16-17 ክፍለ ዘመን ዝኾነ ቡን ክሰቲ ዝተረኽበ ሰብ ናይ ሞት መቕጻዕቲ ይብየነሉ ነይሩ።

ሓቅታት ብዛዕባ ድቃስ

• ንሓጺር ደቓይቕ ቀም ምባል ናይ
ምዝካር ክእለት የመሓይሽ።
• ኣብ ድቃስ ዕረፍቲ ትረክብ፡ ኣብ ግዜ
ድቃስ ዝስምዓካ ሓዘን፡ ሕርቃን፡ ሓጎስ
ይኹን ጓሂ የለን። ኮታስ ናይ ዝኾነ ነገር
ስምዒት የልቦን።
• ምድቃስ ሓያልን ፈጠራውን ሰብ

ከም ትኸውን ይገብር።
• ደቂ ሰብ ሓደ ስልሲት ካብ ዕድመኦም
ኣብ ድቃስ የሕልፍዎ።
• እቲ ከይደቀሰ ዝነውሐ ዝጸንሐ ሰብ
ንተኸታታሊ 11 መዓልታት ኣይደቀሰን።
• ድቃስ ልክዕ ከም መግቢን ምንቅስቓስን

1. ኣብ ኣየርላንድ
ፈስቲቫል ጤል ተባሂሉ
ዝበዓል በዓል ኣሎ። ኣብቲ
ጽምባል፡ ሓንቲ ጤል ከም
ንግስቲ ተሓሲባ ኣኽሊል
ትደፍእን ፍሉይ ክብሪ
ይወሃባን። እዚ ኣብ ወርሒ
ነሓሰ ዝበዓል ዓመታዊ
ጽምብል፡ መስሕብ ብዙሓት
በጻሕቲ’ውን እዩ። ኣብ
ቀዳማይ መዓልቲ ናይ’ቲ
ፈስቲቫል ነበርቲ እቲ
ከባቢ ካብ በረኻታት ሓንቲ
ተባዕታይ ጤል ብምምጻእ
ሓንቲ መንእሰይ ጓል ከኣ
ነቲ ጤል ኣብ ርእሱ ዘውዲ
ትደፍኣሉ።

2. ኤውሮጳውያን
ንኮሚደረ ከም ኣዝዩ
መርዛምን ሓደገኛን
ዘርኢ ብምሕሳብ ኣዝዮም
ይፈርሕዎ ነበሩ። ኣብ
መበል 18 ዘመን፡
ተመራመቲ ኮሚደረ ምስ
በልዑ ከም ዝሓመሙን

ገሊኦም ከኣ ከም ዝሞቱን ይኣምኑ
ነበሩ። ኮሚደረ ደጊሞም ክጥቀምሉ
ዝጀመሩ ከኣ ካብቲ ካልእ ክፋል
ሕብረተ ሰብ ዓለም ቅሩብ ድንጉይ
ኢሎም እዮም።

3. ሓደ እዋን ኣመሪካውያን
ብመንገዲ ፖስት ኦፊስ፡ ህጻናት
ደቆም ካብ ቦታ ናብ ቦታ ይሰድዎም
ነበሩ። ናይ መጀመርታ በዚ መንገዲ
ዝተጓዕዘ ጄምስ ቢግል ዝተባህለ ወዲ
ሸሞንተ ወርሒ ህጻን ተቐማጢ ኦህዮ
እዩ ነይሩ። ወለዲ ጄምስ፡ ንውላዶም
ናብታ ካብኦም ቅሩብ ኪሎ ሜትራት
ጥራይ ርሒቓ ዝነበረት ዓባዩ እዮም
ሰዲዶሞ። ንመስደዲ እቲ ቈልዓ ከኣ
15 ሳንቲም ዶላር እዮም ከፊሎም።

4. ኢጣልያዊ መራሒ ጁልየስ
ቄሳር ኣብ 75 ቅድሚ ልደተ ክርስቶስ
እዋን ተጨውዩ ነበረ። እቶም መንነቱ
ዘይፈለጡ ጨወይቲ፡ ከኣ 20 ታለንት

ብሩር (ኣብቲ ግዜ ኣዝዩ ብዙሕ
ገንዘብ እዩ ነይሩ) ክኸፍል ነገርዎ።
ብዝሒ እቲ ብሩር ምስ ሰምዐ፡ ነቶም
ጨወይቱ ሰሓቖም ግና ክኸፍሎም

ምዃኑ እዩ ነጊርዎም። ቀጺሉ ናብ
መራሒ እቶም ጨወይቱ ብምኻድ፡
ንኹሉ ግጥምታቱን ዘረባታቱን
ክሰምዕዎ ከም ዘለዎም ነገሮም።
ከምኡ’ውን ክድቅስ ከሎ ዝኾነ
ረበሻ ይኹን ድምጺ ከሰምዕ ከም
ዘይደሊ ትእዛዝ ኣመሓላለፈሎም።
ኣብ መወዳእታ ናጻ ምስ ተለቐቐ
ከኣ ንኹሎም ክቐትሎም ምዃኖም
ነገሮም።

5. ግኑንን ዓቢን ስም ዝነበሮ መራሒ
ፈረንሳ ዝነበረ ናፖልዮን ቦርናፓርተ
ሓደ እዋን ዕስለ ማናቲለ ኣጥቒዐንኦ
ከም ዝነበራ እዩ ዝግለጽ። ኣብ 1807
ናፖልዮን ምስ ዓሰከራቱ ብምዃን
ንሃድን ማንቲለ ናብ በረኻ ወጽአ፡
እንተ ኾነ ዕስለ ማናቲለ ኣብ ልዕሊ

ናፖልዮንን ወተሃደራቱን መጥቃዕቲ
ስለዝፈጸማ ንድሕሪት ተጠውዮም
ክሃድሙ እዮም ተገዲዶም። እዚ
ዛንታ ኣብ ግዜኡ ኣብ መላእ ኤውሮጳ
ኣዛራቢ ኮይኑ ነበረ።

6. ኣብ ታሪኽ ዓለም እቲ ዝሓጸረ
ኲናት ኣብ መንጎ ብሪጣንያን
ዛንዚባርን ዝተኻየደ ኮይኑ ንኣስታት
38 ደቓይቕ ጥራይ እዩ ተኻይዱ።
ኣብቲ ኲናት ሓደ ብሪጣንያዊ
ወተሃደር ጥራይ እዩ ቆሲሉ። እቲ
ኲናት መራሒ ዛንዚባር ዝነበረ
ብብሪጣንያ ስልጣኑ ክልቅቕ
ንዝመጾ ጻውዒት ዕሽሽ ድሕሪ ምባሉ
እዩ ጀሚሩ። ብሪጣናውያን ኣንጻሩ
ዝቐንዐ ተኹሲ ምስ ከፈቱ ከኣ ነዊሕ
ከይጸንሐ እዩ ኢዱ ሂቡ።

ኣዝዩ ኣገዳሲ እዩ።
• መብዛሕትኦም ስድራቤታት ኣብ
መጀመርታ ቀዳማይ ዓመት ናይ
ውላዶም ካብ 400-750 ናይ ድቃስ
ሰዓታቶም ይስውኡ።
• ዘራፍ ኣብ መዓልቲ ካብ 2.30-
3 ሰዓታት ጥራይ ትድቅስ፣ ብራውን

ዝተባህለት ዓሌት መንካዕ ድማ ኣብ
መዓልቲ ካብ 20-21 ሰዓታት ትድቅስ።
• ኣካላት ናይ ቃንዛ ስምዒት ምስ
ዝህልዎ ብምድቃስ ክጎድል ይኽእል።
• ኣካላት ደቂ ሰብ ኣብ ሰዓታት 3-4
ቅድሚ ቀትሪ ድኹም ይኸውን።



ሓዳስ ኤርትራ መበል 36 ዓመት ቁ.66 15 ሕዳር 2026 - ገጽ 4

ዮሴፍ ገብረየሱስ ኣከባቢና፡ ዋሕስ ጥዕናና
ክፍሊ ኣከባቢ - ሚ/መ/ማ/ኣከባብን

እዚ ቅንያት’ዚ ዓለምለኻዊ ቅነ
ጎስጓስ ኣብ ምውጋድ ተጻዋርነት
ንመድሃኒታት ጸረ ታህዋስያን ምዃኑ
ድሮ በቲ በብዓመቱ ኣብ’ዚ ቅንያት’ዚ
ዝካየድ ኣስተምህሮታትን ካልእ
መደባትን ዘኪርናዮ ኣለና። ሎሚ
ዓመት እውን “ብውህደት ተጻዋርነት
ንመድሃኒታት ጸረ-ታህዋስያን ንከላኸል”
ብዝብል ቴማ ይዝከር ኣሎ። እቲ ዘሎ
ተጻዋርነት ንመድሃኒታት ጸረ-ታህዋስያን
ምሉእ ብምሉእ ኣብ ትሕቲ ምቁጽጻር
ውዒሉ መድሃኒታትና ውሑሳት
ኮይኖም ክፍውሱናን ከሕውዩናን ክሳብ
ዘይከኣሉ ድማ ብቐጻሊ ዝካየድ እዩ።
ክንዮ’ዚ ክርደኣና ዘለዎ ግን እቲ ጐስጓስ
ደኣ’ዩ ንሰሙን ክልተ ሰሙን ዝቕኒ
እምበር፡ እቲ ንምውጋድ ተጻዋርነት
ንመድሃኒታት ጸረ-ታህዋስያን ዝግበር
ዕዮስ፡ ናይ ኩሉ ንቑሕ ተሳታፍነት
ዝጠልብ፡ ዓመት ምሉእ ዘየቋርጽን
እናሓየለ ዝኸይድን’ዩ። ክሳብ ብምልኣት
ነቒሕናን፡ እንወስዶም ስጉምትታት
ሓይሎምን፡ ብግብሪ ደው ከነብሎ
ዘኽእለና ናይ ባህሪ ለውጥን ኩለንተናዊ
ዓቕምን እነምጽእ ድማ ቀጻሊ
ክንዘኻኸርን ፍልጠትና ክነሐድስን
የድልየና። ነዚ ክትሕግዘና ድማ እዛ
ጽሕፍቲ ተዳልያትልና ኣላ።

ኣህጉራዊ ቅነ ተጻዋርነት ንመድሃኒታት
ጸረ-ታህዋስያን
18-24 ሕዳር 2024

ዓለምለኻዊ ቅነ ጎስጓስ፡ ተጻዋርነት
ንመድሃኒታት ጸረ-ታህዋስያን ዓመታዊ
ካብ 18-24 ሕዳር ይካየድ። ንቕሓትን
እኹል መረዳእታን ናይ ተጻዋርነት
ንመድሃኒታት ጸረ-ታህዋስያን ብምዕባይ፡
ተርእዮን ዝርግሐን መድሃኒት ዝጻወሩ
ሕማማት፡ ንምምካትን ንምጉዳልን
ዝግበር ውሁድ ዓለማዊ ተበግሶ ንወፍሪ
እዩ።
ተጻዋርነት ንመድሃኒታት ጸረ-
ታህዋስያን፡ ዝስዕብ ዝተፈላለዩ፡ ታህዋስያን
ከም ባክተርያ፡ ቫይረስ፡ ፉንጋስን ካልኦት
ጽግዕተኛታትን፡ በቲ ንዕኦም ንምቕታል
ዝውሰድ መድሃኒት ወላሓደ ከይኮኑ
ማለት ከይተቐትሉ ክተርፉ እንከለዉ
ዘጋጥም እዩ። እዞም ጠንቂ ዝተፈላለዩ
ሕማማት ዝኾኑ ታህዋስያን፡ ተነጺሮም
ዝተኣዘዘ መድሃኒት ዘይቀትሎም
እንተኾይኑ ድማ ሕማም ክፍወስ
ስለዘይክእል ንኻልእ ተወሳኺ ሳዕቤን
ንቃላዕ። ከም ልምዲ እዚ መድሃኒት
ኣይሰርሓለይን እዩ፡ ኣካላተይ ለሚድዎ
እዩ፡ ይበሃል፡ እቲ ሓቂ ግን ኣካላትና
ዘይኮነ ነቲ መድሃኒት ዝለማመዶ፡
እቶም ኣብ ኣካላትና ዘለዉ ጠንቂ
ሕማም ዝኾኑ ታህዋስያን ነቲ መድሃኒት
ስለዝተለማመድዎን ዝጻወርዎን እዩ
ዘይሰርሓልና። እዚ ናይ ታህዋስያን
ተጻዋርነት ንመድሃኒታት እናዓበየ
ኣብ ዝኸደሉ ድማ እቶም ሕማማት
ንምፍዋስ እንጥቀመሎም መድሃኒታት፡
ጸረ-ባክተርያ። ጸረ-ቫይረስ፡ ጸረ-ፉንጋስን
ጸረ-ጽግዕተኛታትን፡ ብቕዓቶም እናጎደለ
ይኸይድ፡ ምፍዋስ ሕማማት ድማ
ፍጹም ናብ ዘይከኣል ደረጃ ይበጽሕ።
ሎሚ እዚ ጸገም’ዚ ሓደ ካብ ዝዓበዩ

ብድሆታት ጥዕና ኮይኑ ኣሎ። ምኽንያቱ
እቲ፡ ተጠርዩ ዝጸንሐ ሕማማት ናይ
ምፍዋስን ህይወት ናይ ምድሓንን
ፍልጠትን ኣሰራርሓን ትስፉው ኮይኑ
ክቕጽል ስለዘይከኣለ። እቲ ምኽንያታትን
ጠንቅታትን ምውሳኽ ተጻዋርነት ነዞም
ኣዝዮም ኣገደስቲ መድሃኒታት ጸረ-
ረኽሲ ብዙሕን፡ ዝተፈላለየን ንሕድሕዱ
ዝተሓላለኸን ስለዝኾነ ብድሆኡ ከቢድ
እዩ። ነዚ ብድሆ’ዚ ንምብዳህ ድማ ናይ
ዝተፈላለዩ ኣካላት ዝተወሃሃደ ስራሕ
የድሊ። ካብ’ዚ ብምብጋስ ድማ እዚ
ናይ ሎሚ ዓመት ቴማ፡ ነዚ ሓባራዊ
ብድሆ ብሓባር ንምግጣም “ብውህደት
ተጻዋርነት ንመድሃኒታት ጸረ-ታህዋስያን
ንከላኸል” ብዝብል ተዳልዩ ቀሪቡ ኣሎ።
ሎሚ ዓለምና ዝያዳ ዝኾነ ካልእ እዋን
ዝተቐራረበትሉን ዝተኣሳሰረትሉን ግዜ
ኢና ዘለና። እቶም ህይወት ዘድሕኑ
መድሃኒታት፡ እነፍርዮም መግብታት፡
እንምርኮሶ ቁጠባናን ጥዕና ኣከባቢናን
ኩሉ፡ ኣዝዩ ዝተተሓሓዘ እዩ። ዝኾነ
ኣብ’ቲ ሓደ ጫፍ ዓለም ዝግበር
ንጥፈት ወይ ዘጋጥም ክስተት ናብ’ቲ
ካልእ ጫፍ ክበጽሕን ክልሕምን ናይ
ሰዓታት ርሕቀት ጥራይ ስለዝኾነ
ኣሉታዊ ድዩ እወታዊ ጽልውኡ ብዙሕ
እዩ። እዞም ንመድሃኒታት ዝጻወሩ

ታህዋስያን (ባልዓት) ኣብ ዝቕልቀልሉን
ዝላብዑሉን ድማ፡ ንጥዕና ሰባት፡ ጥዕና
እንስሳታት፡ ውሕስነት መግቢ፡ ቁጠባ፡
ዘላቒ ምዕባለን ብኣሉታ ይጸልውዎ።
ኣብ ርእሲኡ እዚ ምቕልቃልን ምልባዕን
ናይ ተጻዋርነት ዘጥረዩ ታህዋስያን ብናይ
ኣከባቢና ጥዕና እውን ዝተጸልወ እዩ።

ኩሉ ንጥፈታት ወዲ ሰብ ካብ ኣከባቢ
ብዝርከብ ጥረ-ነገራትን ኣብ ልዕሊ
ኣከባብን እዩ ዝካየድ። ዝኾነ ኣብ ኣከባቢ
ዝወርድ ሃስያ ድማ ተመሊሱ ኣብ ኩሉ
ንጥፈታት ሰብ ከቢድ ሳዕቤን ኣለዎ።
ብፍላይ እቲ ኣብ ኣከባቢ ብፍኑው
ዝጐሓፍ ጐሓፋት ኣብ ጥዕና ሰባት፡
እንስሳታትን ሕርሻዊ ምህርትን ዘለዎ
ጽልዋ ከቢድ እዩ። ካብ’ዚ ብዘይፍለ
ካብ ዘቤታዊ ንጥፈታት፡ ሕክምናዊ
ኣገልግሎታት፡ መፍረይን መሸጥን
መድሃኒታት፡ ናይ ሕርሻን ምርባሕ
እንስሳታትን ንጥፈታት ዝጐሓፋ
ተረፍ-መረፍ መድሃኒታት ጸረ-
ታህዋስያን ኣብ ኣከባቢ ምስዝኣትዉ፡
ንሓመድ፡ ንማያትን ኣካላትን ኣየርን
ይብክሉ። ማለት ነቶም ኣብ ኣከባቢ
ዘለዉ ታህዋስያን ብዘይእኹል ዓቐን
ስለዝልቀቐሎም፡ እቶም ታህዋስያን
ብቐሊሉ ክለማመድዎም ይኽእሉ፡
ብተመሳሳሊ ሰባት ኣብ ክፉት ቦታ
ደገ ኣብ ዝወጽእሉን፡ ቀልቀል ከብቲ
ኣብ ዝጐሓፈሉን እዞም ነቲ መድሃኒት
ተጻዋርነት ዘጥረዩ መድሃኒታት ናብ
ኣከባቢ ይሕወሱ።

ስለ’ዚ ኩሎም’ዞም ኣብ ኣከባቢ ዝርከብ
ተጻዋርነት ዘጥረዩ ታህዋስያን፡ ኣከባቢ
ብዝፈጥረሎም ምቹእ ኩነታት ብብዝሒ
ክራብሑን ክዕብልሉን ይኽእሉ።
እዚ ድማ ኣብ ኣከባቢ ናይ ዝርከቡ
ኣገደስቲ ፍጥረታት ምምዝባዕ ስለዘስዕብ
ስነ-ህይወታዊ ምምዝባል የኸትል።
ብዓቢኡ ድማ እዞም ተጻዋርነት ዘጥረዩ
ታህዋስያን ኣብ ሰባትን እንስሳታትን

ኣትዮም ሕማም ኣብ ዘኸትሉሉ፡ በቶም
ዝውሰዱ መድሃኒታት ጸረ-ታህዋስያን
ክፍወሱ ስለዘይክእሉ ዝዓበየ ብድሆ
ይኸውን።
ካብ ሰብ ናብ ሰብ ወይ እውን ካብ
እንስሳ ናብ ሰብ ወይ በንጻሩ ዝህሉ
ምትሕልላፍን ምልባዕን ተጻዋርነት
ዘጥረዩ ታህዋስያን፡ ንምክልኻልን
ንምግታእን፡ ካብቲ ካብ ኣከባቢ ዝመጽእ
ዝሓሸ ቁጽጽርን ምሕደራን ክትገብረሉ
ትኽእል። ማለት ምንጪ፡ ብዝሕን ሳዕቤን
ናይቲ ተርእዮ ብንጹር ከተለልን እኹል
ሓበሬታ ክትረክብን ስለ እትኽእል፡ ንዕኡ
ንምግጣም ዘድልየካ ንቕሓትን ተበግሶን
ግብራዊ ስራሕ ጥራይ እዩ። በንጻሩ እቲ
ኣብ ኣከባቢ ዘጋጥም ክስተት ብቀሊሉ
ክትዕቅኖን ብልክዕ ክትፈልጦን ከቢድ
ስለዝኾነ፡ ሓደ ውሱን ስጉምቲ ወሲድካ
ደው ከተብሎ ዝከኣል ኣይኮነን። እዚ
ኣብ ኩሉ ኣከባብያዊ ብከላ ዘጋጥም
ብድሆ፡ ምስ ኣጋጠመ ክተጽርዮ ዘሎ
ተኽእሎ እምብዛ ጸቢብ ስለዝኾነ፡ እቲ
እንኮ ኣማራጺ ጐሓፍ (በከልቲ ነገራት
ከም መድሃኒታት ጸረ-ታህዋስያን)
ገና ናብ ኣከባቢ ከይተሓወሱ ከለዉ
ምንጮም ምድራቕ እዩ።

ክንዮ’ዚ ድማ ኣከባቢ ተወሳሳብን
ተጸላላውን ዶብ ሰገር ባህሪ ዘለዎ
ብምዃኑ፡ ናይ ውሱን ቦታ ምትሕልላፍ
ጥራይ ዘኮነስ ኣብቲ ኣህጉራዊ ወይ
ዓለማዊ ምልባዕ ናይዞም ታህዋስያን
ቀሊል ዘይኮነ ተራ እዩ ዘለዎ። እዚ
ምስ’ቲ ወዲ ሰብ ኣማዕቢልዎ ዘሎ
ስሉጥ መራኸቢታትን መጐዕዝያን
ንዓለምና ናብ ሓንቲ ቁሽት ናይ ምጽባብ
መድረኽ ተደሚሩ፡ ብድሆ ተጻዋርነት
ንመድሃኒታት ጸረ-ታህዋስያን ሕማማት
ናይ ምፍዋስ ሕልኽላኽን ካብ ዝገደደ
ናብ ዝበኣሰ ይኸይድ ኣሎ። ነዚ ከኣ እዩ
ኣብ ናይ ሎሚ ዓመት ሓባራዊ መግለጺ
ዓለማዊ ውድባት ጥዕና፡ ሕርሻን
ኣከባብን ተጻዋርነት ንመድሃኒታት ጸረ-
ታህዋስያን ናይ መጻኢ ብድሆ ዘይኮነስ
ድሮ ዓለማዊ ስግኣት ኮይኑ ኣሎ ብምባል
ዘስመረሉ።

ነዞም ዝስዕቡ ሓቅታት ብምዝርዛር
ድማ የብርሆ፡
• ድሮ ዓመታዊ፡ ዘጋጥም ሞት ልዕሊ
4.7 ሚልዮን ሰባት ምስ ናይ ባክተርያ
ተጻዋርነት ንጸረ-ታህዋስያን ዝተሓሓዝ
ኮይኑ ኣሎ።
• ህጹጽ ስጉምቲ እንተዘይተወሲዱ
ድማ፡ ተጻዋርነት ንጸረ-ታህዋስያን ክሳብ
2050 ኣብ ዘሎ ግዜ ሞት ናይ 39
ሚልዮን ሰባት ክስዕብ ይኽእል።
• ንዓለማዊ ቁጠባ ዓመታዊ ናይ
ልዕሊ 3.4 ትሪልዮን ዶላር ኣመሪካ ዋጋ
ከኽፍሎ እዩ።
• ነተን ትሑትን ማእከላይን ኣታዊታት
ዘለወን ሃገራት ድማ ሚዛኑ ዘይሓለወ
ዝያዳ ኣሉታዊ ጽልዋ ክሕድረለን እዩ።

እዚ መግለጺ ከምዘዘኻኽሮ፡ ኣብ ዙርያ
ዓለም ዘለዉ መንግስታት፡ ሰብ ሞያ
ጥዕና፡ ሓካይም እንስሳታት፡ ክኢላታት
ኣከባቢ፡ ሓረስቶት፡ ተመራመርትን
ማሕበረ-ሰባትን ዝተፈላለየ ስጉምትታት
ምምካት ተጻዋርነት ንመድሃኒታት ጸረ-
ታህዋስያን ኣብ ምውሳድ ይረከቡ።

ኣብ ምምሕያሽ ኣቕርቦት፡ ሓላፍነታዊ
ተጠቃምነት ውሑስ ኣወጋግናን (ካብ
ጥቕሚ ወጻኢ ዝኾኑ) ጸረ-ታህዋስያን፡
ኣብ ምሕያል ንጽህናን ጽሬትን ማይ፡
ኣብ ምምሕያሽ ዘላቒ ስርዓተ መግቢ፡
ሕክምናዊ መርመራ፡ ነጸርታን
ክታበትን፡ ምጉዳል ብከላን ምክንኻን
ኣከባብን ዝኣመሰሉ ንጥፈታት ድማ
ይነጥፉ ኣለዉ። ኩሉ ተበግሶታትን
ንጥፈታትን ከኣ ንሓድሕዱ ትርጉም
ዘለዎ ኣበርክቶ ኣለዎ።

ናይ 2026 ዓለምለኻዊ ቅነ ጐስጓስ፡
ተጻዋርነት ንመድሃኒታት ጸረ-
ታህዋስያን፡ ነዚ ሓባራዊ ሓላፍነት
ኣጉሊሑ ዘንጸባርቕ እዩ። “ብውህደት
ተጻዋርነት ንመድሃኒታት ጸረ-ታህዋስያን
ንከላኸል” ዝብል ኣርእስቲ ዝተዋህቦ
ድማ፡ እዚ ወፍሪ ኣብ መንጎ ጥዕና
ሰባት፡ እንስሳታት፡ ኣትክልትን ኣከባብን
ዘሎ ጥብቕ ዝበለ ምትሕሓዝ ከምዘሎ፡
ብሓደ ጽላት ዝውሰድ ስጉምቲ ንኹሉ
ከምዝጸልዎ፡ ኣብ ግምት ብምእታው
ንነፍሲ-ወከፍና ግቡእና ክንዋጻእ
ንምጽዓር እዩ። ካብዚ ዝብገስ ከኣ ካብ
2026-2036 ዝኸይድ ዓለማዊ ትግባረ
መደባት ተዳልዩ ኣሎ።
ኣብ’ቲ ዝተሓደሰ ናይ 2026-2036
ትግባረ መደባት ነዚ ተወሃሂድካ ናይ
ምስራሕ ራእይ ብዝበለጸ የሐይሎ።
ኩለን ሃገራትን ጽላታትን ተጻዋርነት ጸረ-
ታህዋስያን ንምኽልኻልን ንምዕጋትን፡
ኣብ ትሕቲ መርሓ ሓደ ጥዕና ብሓባር
ክሰርሑ ድማ ይጽውዕ። እቲ መደብ
ነዞም ዝስዕቡ ኣህጉራዊ ዕላማታት
የቐምጥ፡ ምጉዳል ምስ ናይ ባክተርያ
ተጻዋርነት ንጸረ ታህዋስያን ዝተሓሓዝ
ሞት ሰባት ዓለማዊ ተጠቃምነት ጸረ-
ታህዋስያን ብፍላይ ኣብ ሕርሻዊ ስርዓተ
መግቢን ምጉዳል ኣከባብያዊ ብከላ
ካብ ተጻዋርነት ጸረ-ታህዋስያን ዘለዎም

ደቐቕቲ ፍጥረታትን ተረፍ (ጉሓፍ) ጸረ-
ታህዋስያንን። እቲ ዕላማ፡ ቀሊል ግን ከኣ
ኣገዳስን ወሳንን እዩ፡ ምኽንያቱ ህይወት
ዘድሕኑ መድሃኒታት ኣድማዕቲ ኮይኖም
ንምቕጻል፡ ረኽስታት ንምክልኻልን
ጥዕና ሰባት፡ ንእንስሳታት፡ ኣትክልትን
ኣከባብን ንምህላው ስለዘኽእል።

ሓባራዊ ስጉምቲ ምውሳድ

ኣብዚ ናይ 2026 ዓለምለኻዊ ቅነ
ጐስጓስ፡ ተጻዋርነት ንመድሃኒታት ጸረ-
ታህዋስያን፡ ነፍሲ ወከፍ ሰብ ዝጻወቶ
ተራ ኣለዎ። ንስኻ ፖሊሲ እትሕንጽጽ፡
ሰራሕተኛ ጥዕና፡ ሓኪም እንስሳ፡
ሓረስታይ፡ ናይ ኣከባቢ ሞያዊ፡ ወይ ኣባል
ሕብረተ-ሰብ ዲኻ፡ ተግባርካ/ስጉምትኻ
የገድስ እዩ። ብሓባር ብመንገዲ ሓደ
ጥዕናን ሓደ ስጉምቲ ኣብ ሓደ ግዜን፣
ንዝርግሐ ተጻዋርነት ንመድሃኒታት ጸረ-
ታህዋስያን ክንዓግቶን ክንድርቶን፡ ናይ
ሰባት፡ እንስሳታት፡ ኣትክልትን ኣከባብን
ጥዕና ክንከላኸል፡ ንስርዓተ መግቢ
ከነሐይል፡ ንዘላቒ ምዕባለ መጻእቲ
ወለዶታት ዘውሕስ ድልዱል ቁጠባ
ክነጣጥሕ ንኽእል ኢና።

ኣብ ኤርትራ እውን ብተመሳሳሊ
ንብዙሓት ዝተፈላለያ ጽላታት ዝሓቁፍ
ሓባራዊ ስራሕ ይስራሕ ኣሎ። ኣብ
ምትግባር ናይ ዝወጽኡ መደባት፡

ብቀንዱ እቲ ወሳኒ ነገር ንቑሕ ተሳትፎ
ናይ መላእ ሕብረተሰብ እዩ። ስለ’ዚ
ምስ ተጻዋርነት ንመድሃኒታት ጸረ-
ታህዋስያን ኣብ ዝዛመድ ንጥፈት
ኣብ ንዓየሉ፡ ብእወንታ ድዩ ብኣሉታ
ንጸሉ ኢና። ከምቲ ኣቐዲሙ ዝተገልጸ
ብፍላይ ኣብ ኣከባቢ ዘለና መረዳእታን
ኣተሓሕዛን ኣዝዩ ሰንኮፍ ስለዘሎ ዝያዳ
ክንነቕሓሉ የድልየና።

ኣብ ርእሲ’ቲ ጥዕናናን ጽሬትናን
ንምሕላው እንገብሮ ኩሉ ዓይነት
ንጥፈታት፡ ጥዕና ኣከባቢና ምሕላው
ድማ ኣዝዩ ኣገዳሲ እዩ። ሰኣን ኣፍልጦ
ድዩ ብሸለልትነት ኣብ ኣከባቢ እንፈጥሮ
ጸገማት ብከላ ዕንወት ወይ ብርሰት፡
ተመሊሱ ዝጐድኣና እዩ። ምኽንያቱ
ጥዕና ኣከባቢና ምውሓስ ዋሕስ ጥዕናና
ስለዝኾነ።

መደብ ተለቭዥን

(ሰንበት)
ሰዓት መደብ
09፡00 ሃገራዊ መዝሙር
09፡05 ኤሮቢክስ
09፡35 ድራማ
10፡10 ፓኖራማ
10፡30 መደብ - ሚሳል
11፡00 መደብ ማእገር
13፡00 ዶክተራት ኣብ ስትድዮ

(ቀጥታ)
13፡40 ቀስተ ድሕነት
14፡00 መደብ ሞዛይክ
16፡30 እንዳ ዝማም
17፡05 ሃብቲ ባሕሪ
17፡30 ፈንቅል
18፡05 መደብ ሄራር
18፡35 መደብ ህርመት

20፡00 ዜና (ትግረ)
20፡13 እትመት

21፡00 ዜና (ትግርኛ)
21፡25 መደብ ቡያ

22፡00 ዜና (ዓረብ)
22፡10 ድራማ

22፡30 ዜና (እንግሊዝ)

(ሰኑይ)

ሰዓት መደብ
10፡15 ብሚኒስትሪ ትምህርቲ
ዝዳሎ ኣካዳማያዊ መደብ
11፡45 ደርፊ
12፡00 ሃገራዊ መዝሙር
12፡02 መደብ

12፡30 ዜና (ትግርኛ)
12፡50 ዜና ስፖርት
12፡55 ዕላል ጥበባት

13፡30 ዜና (ዓረብ)
13፡45 መደብ ደባይዋ
14፡55 መደብ ሚሳል
15፡30 ብሚኒስትሪ ትምህርቲ
ዝዳሎ ኣካዳማያዊ መደብ

17፡00 ዜና (ትግርኛ)
17፡15 ደርፊ

17፡30 ዜና (ዓረብ)
17፡45 ደረት ቃና
19፡00 መደብ ሳይዳ

20፡00 ዜና (ትግረ)
20፡15 ሰሙናዊ ፍጻሜታት
ስፖርት

21፡00 ዜና (ትግርኛ)
21፡25 ደሃይ ሕትመት

22፡00 ዜና (ዓረብ)
22፡10 መደብ

22፡30 ዜና(እንግሊዝ)





ሓዳስ ኤርትራ መበል 36 ዓመት ቁ.66

ካብ ታሪኽ ሰውራና
መሓመድ እድሪስ

ሌላ ምስ ደጀንን ክፍልታትን ህዝባዊ ግንባር

መበል 15 ክፋል

7. ክፍሊ ወተሃደራዊ

ታዕሊም

ኣብቲ ፈላሚ እዋን ህዝባዊ
ሓይልታት ሓርነት ኤርትራ ገና
ኣብ ምትካል እግሪ ዝነበረሉ እዋን፡
ሓደስቲ ተሰለፍቲ ኣብ ሰውራ
ኣብ ዝስለፉሉ እዋን፡ እቲ ወድብ
ሓደ ፍሉጥ ደጀን ስለ ዘይነበሮ፡
ካብ ቦታ ናብ ቦታ ምስ ኣሃዱኦም
እናተንቀሳቐሱ ኣብ ዝሓደርዎም
ወይ ዝወዓሉዎም ይዕለሙ ነበሩ።

ካብ መፋርቕ 70ታት ንደሓር ግን፡
ኣብቲ ከም ደጀን ዝተመርጸ ቦታታት
ክፍሊ ታዕሊም መስሪቶም ኣሃዱ
ታዕሊም ብምቛም ሓደስቲ ተጋደልቲ
ብምዕቡል ኣገባብ ወተሃደራውን
ፖለቲካውን ስልጠናታት ይወስዱ
ነይሮም። እምበኣር ካብ’ቲ እዋን
ንደሓር’ዩ ክፍሊ ታዕሊም ሓደ ፍሉጥ
ቅርጺ እናሓዘን እናማዕበለን ዝኸደ።
ድሕሪ ቀዳማይ ውድባዊ ጉባኤ ድማ፡
ወተሃደራዊ ክፍሊ ታዕሊም ከም ሓደ
ኣገዳሲ ክፍሊ ካብ ክፍልታት ህዝባዊ
ግንባር ኰይኑ ቈይሙ።

ካብቲ እዋን ንደሓር ኣብ ዝተፈላለየ
ቦታታት ቀዋሚ መደበራት ታዕሊም
ተመስሪቱ ንደቂ ኣንስትዮን ደቂ
ተባዕትዮን ከምኡ’ውን፡ ፊተወራርን
ሚሊሻታትን ዝዕለሙሉ ወተሃደራዊ
ብቕዓት ዝቐስሙሉ ኮይኑ በብእዋኑ
ንቕድሚት እናሰጎመ፡ ክሳብ’ቲ ኣብ
መጠረሽታ 80ታት ዝበጽሖ ምዕባለ
በጽሐ። ወተሃደራዊ ታዕሊም ድማ፡
ካብ ‘ጋእማን’ ሓሊፉ ሓደ ምዕቡል
ወተሃደራዊ ኣካዳሚ ብምቛም ክሳብ
ናጽነት ብዓሰርተታት ኣሽሓት ዝቝጸር
መንእሰይ ተቐቢሉ፡ ኣሰልጢኑን
መልሚሉን ኣብ ሓርነታዊ ቃልሲ
ኣገዳሲ ተራ ተጻዊቱ’ዩ።

ስለዚ እቲ ካብ ቀዳማይ ውዳባዊ
ጉባኤ ከም ክፍሊ ቈይሙ ናብ ዝለዓለ

ምሊሻ ኣብ ታዕሊም

ደቂንስትዮ ኣብ ታዕሊም

ኣብ ዝሓለፈ ሕታማት ካብቶም 11
ክፍልታት ህዝባዊ ግንባር፡ 6 ክፍልታት
ማለት ክፍሊ ህዝባዊ ምምሕዳር፡ ክፍሊ
ቍጠባ፡ ክፍሊ ሓለዋ ጥዕና፡ ክፍሊ
ሃገራዊ መርሓ፡ ክፍሊ ማሕበራዊ
ጕዳያት ክፍሊ ዝምድናታት ወጻኢ
ርኢና ነይርና። ኣብዚ ናይ ሎሚ
ሕታምና ድማ፡ ክፍሊ ወተሃደራዊ
ታዕሊም ክንርኢ ኢና።

ዝበጽሐ ክፍሊ ታዕሊም፡ ኣቃውማኡን
በብእዋኑ ክሳብ ናጽነት ዝነበሮ ተራን
ምዕባለን እንታይ ይመስል ነይሩ
ምርኣይ ኣገዳሲ እዩ።
እወ፡ ህዝባዊ ግንባር ሓርነት
ኤርትራ፡ ኣብ ሃገራዊ ደሞክራስያዊ
ፕሮግራሙ፡ ‘ብርቱዕ ህዝባዊ ሰራዊት
ምቛም’ ኣብ ትሕቲ ዝብል ኣርእስቲ
ገሊጹዎ ከም ዘሎ፡ “ብፖለቲካ ዝበሰለ፡
ብጻያዊ ዝምድና ዘለዎ፡ ብሰውራዊ
ድስፕሊን ዝተሃንጸ፡ ቆራጽነትን
መስዋእትን ዝባህርያቱ ዘመናዊ
ብልሓት፡ ዕጥቅን ክእለትን ዘለዎ፡
…. ተጋዳላይ ምህናጽ ዝብል ሓሳብ
ኣስፊሩ ይርከብ። ክፍሊ ወተሃደራዊ
ታዕሊም ከኣ፡ መእተዊ ናብ ሰውራ
ስለ ዝነበረ፡ ዕላማኡ ነዞም ባህርያት
ናይ ሓደ ተቓላሳይ ኣብ ሓድሽ
ተጋዳላይ ምስራጽ ነበረ።

ነዚ ዕላማ’ዚ ሒዙ፡ ኣብቲ ፈለማ
መድረኽ ክፍሊ ታዕሊም ህዝባዊ
ሓይልታት ኣብ ሓውሲ ቀዋሚ

ቦታታት ኰይኑን እናተንቀሳቐሰን
ወተሃደራዊ ታዕሊም ይህብ ነበረ።
እቲ ቃልሲ ወተሃደራዊ ጥራይ ስለ
ዘይነበረ ከኣ፡ ነቶም ሓደስቲ ተሰለፍቲ
ምስ ዕላማ ገድልን ተመኵሮ ሰውራ
ኤርትራን ዘላሊ፡ ንቕሓቶም ክብ ኢሉ
ንማሕበረ ቊጠባዊ ለውጢ ክቃለሱ
ዝድርኽ ፖለቲካዊ ትምህርቲ ይህብ
ነይሩ።

ኣብ መፋርቕ 1970ታት ቊጽሪ
ተሰለፍቲ እናዓበየ ምስ መጽአ፡
ኣብ ዝተፈላለየ ከባቢታት ኤርትራ፡
ቀወምትን ሓውሲ ቀወምትን
መደበራት ታዕሊም ተመስሪተን። ከም
መደብ፡ ወተሃደራዊ ታዕሊም ንሰለስተ
ኣዋርሕ እዩ ዝወሃብ። ወተሃደራዊ

ስእሊ፡ ጨ/ስእሊ ሚ/ዜና

ኵነታት ኣብ ዘገድደሉ ግን፡ ሓደስቲ
ተሰለፍቲ ጽዑቕ ናይ ወርሒ
ትምህርቲ ተዋሂቡዎም ካብ ታዕሊም
ዝወጽኡሉ ግዜ ነይሩ። ወተሃደራዊ
ታዕሊም ህዝባዊ ሓይልታት ክሳብ
1976 ኣብቲ ሃንደበትነት መዝሚዝካ
ሓይሊ ጸላኢ እተዳኽመሉ ስልቲ
ደባይን ሓውሲ ደባይን ውግእ
ዘድሃበ ነይሩ።

ኣብ 1977 ህዝባዊ ግንባር ናብ
ጸረ-መጥቃዕቲ ተሰጋጊሩ ሰፊሕ
ቦታታት ኤርትራ ሓራ ስለ
ዘውጸአ፡ ክፍሊ ታዕሊም ኣብ
ርእሲ’ቲ ናይ ሳሕል መደበራቱ
ኣብ ቅድመ ግንባራት’ውን
ጨናፍር ከፊቱ። ተዓለምቲ
ኣብ ርእሲ ፖለቲካውን
ወተሃደራውን ትምህርቲ፡
ኣብ ማእቶታትውን ባህላውን
ንጥፈታት’ውን ከም ዝሳተፉ
ይግበር ነይሩ።

ኣብ ምስራሕ ጽርግያ፡
መኻዚኖታት፡ ምህናጽ
ኣባይቲ፡ ኣብያተ-ዕዮ፡ ናይ
ትሕተ-መሬት ህንጻታት ወዘተ
እናተዋፈሩ ድማ፡ ዓቢይ ኣበርክቶ
ገይሮም እዮም። ብኣባላት ታዕሊም
ዝቘማ ኣሃዱታት “ሓለዋ ጋንታ”
(ሕመረት) እውን፡ ከባቢኣን ኣብ
ምሕላውን ኣብ ኣድላዪ ግዜ ናብ
ቅድመ ግንባራት ብምኽታትን
ተወሳኺ ዕማም ይፍጽማ ነይረን።

ክፍሊ ታዕሊም፡ ኣብ 1979-
1980 ብሓሙሽተ ጨናፍር ከም
ዝቐውም ተገይሩ። ወተሃደራዊ
ታዕሊም፡ ፖለቲካዊ ትምህርቲ፡

ትርጕም (ትምህርትን መጽናዕትን)፡
ስልጠና ኮማንዶ፡ ምድላው መጽሔት
“ተዓጠቕ”። ዝህቦ ዝነበረ ዓይነታት
ታዕሊም’ውን፡ ክፈላለ ጀሚሩ።

ብቕዓት ኣመራርሓ ሰራዊትን
ምልከት ኣጽዋርን ንምዕባይ፡ ትምህርቲ

ካብ ሰነዳት ስእልታት ሰውራና

ህዝባዊ ሓይልታት ደሓር ህዝባዊ ግንባር ካብ እግሪ ተኽሉ ኣብ ጎድኒ’ቲ ወተሃደራዊ መዳይ፡ “ሓፋሽ ይንቃሕ፡ ይወደብ፡ ይተዓጠቕ” ብምባል ነቲ ብጀማሂር ዝፍለጥ ክፍሊ ህዝቢ ጓሳ ህዝቢ ኮይኑ፡ ካብ ህዝቡ ድንቁርና ንምጥፋእ ጥራይ ዘይኮነ፡ እንኮላይ ህዝቢ መሃይምነት ኣጥፊኡ ክጽሕፍን ከንብብን ከም ዘለዎ ተቓሊሱ። ከም ፍረ ቃልሱ ድማ፡ ተዓዊቱ’ዩ። እዛ ንርእያ ዘሎና ስእሊ፡ ንስለ ስእሊ ዝተሳእለት ዘይኮይነት፡ እቲ ሓቀኛ ምስሊ ክፍሊ ህዝቢ ህዝባዊ ግንባር እትምስክር እያ።

እታ ኣብ ማእከል ኮፍ ኢላ ዘላ፡ ኣብ 1976 ናብ ጀማሂር ሳሕል ዝተመደበት ተጋዳሊት ለተኺዳን ካሕሳይ ኣብቲ ፈላሚ እዋን ቋንቋ ትግረ ትፈልጥ’ኳ እንተ ዘይነበረት፡ ደሓር ግን ካብተን ወሓለ ተዛረብቲ ትግራይት ኮይና። ከምኡ ስለ ዝኾነት ድማ፡ ኣብ ሳሕል ኣብ ጀማሂር ኮነ ኣብ ሃማደኤ ከም ሓላፊት ኮይና ክሳብ ድሕሪ ናጽነት ኣገልጊላ። እዞም ክትምህሮም የማነ ጸጋማ ኮፍ ኢሎም ዘለዉ ገባር ድማ፡ መሃይምነት ኣጥፊኦም ሎሚ ካብኦም ሓሊፎም ንደቆም ምሂሮም ኣብ ዝተፈላለየ ጽፍሕታት መንግስቲ ብሓላፍነት ይሰርሑ ኣለዉ።

እዚ ድማ፡ እቲ ዘይሕለል ገድሊ ኣንጻር ኩሉ መሰናኽላት ምዃኑ’ዩ። እዛ ስእሊ ድማ፡ ኣብ ዘበነ ገድሊ ኣብ ገበር ናይቲ ብህ.ግ. ዝዳሎ ዝነበረ ጥራውዝቲ ብድሙቕ ተሳኢላ ዝነበረት ታሪኻዊት ስእሊ ኮይና፡ ኣብቲ እትምህረሉ ዘላ መጽሓፍ ድማ፡ ኣብቲ ጸጋማይ ገበር ናይቲ መጽሓፍ፡ “መጽሓፍ ፊደል ንጀመርቲ” ዝብል ኮይኑ፡ ካልእ ንሓድነት ብሄራት ኤርትራ ዝውክል ኣሳእል ኣለዎ። በቲ የማናይ ወገን ድማ፡ “ስራሕ ተማሃር ተጋደል” ዝብል ኣለዎ።

ተጋዳሊት ለተኺዳን ካሕሳይን ተማሃሮኣን

መልስታት ናይ ዝሓለፈ

ሕቶታት ታሪኽና

1. 1ይ ጉባኤ (23-31 ጥሪ 1977)
2. ሀ/ 1971

3. መጋቢት 1979 (ካብ 30 መጋቢት - 11 ሚያዝያ 1979)
4. ለ/1980
5. ሀ/ 6ሚያዝያ 1977
6. ሀ/11 መስከረም 1952

ስልትን ካርታን ብምትእትታው፡ ኣብ
ዝተፈላለየ ጽፍሒ ንዝርከቡ ኣዘዝቲ
ሰራዊት ስልጠና ይህብ ነይሩ።

ፍሉይ ስርሒታት ዘካይዱ
ኮማንዶ ወይ ፍሉይ ሓይልታት
ምስልጣን’ውን፡ ሓደ ካብ ዓበይቲ
ስራሓቱ ስለ ዝነበረ፡ ኣብ 1980
ኣብ ኣራግ ቀዳማይ ዙርያ ኮማንዶ
ኣሰልጢኑ። እቲ ብ21 ግንቦት
1984 ኣብ መዕርፎ ነፈርቲ ኣስመራ
ዝተኻየደ፡ 33 ዝተፈላለያ ነፈርቲ
ኲናት ዘዕነወ ስርሒት ከኣ፡ ሓደ ካብ
ግሉሕ ውጽኢታት ናይዚ ታዕሊምን
ምውህሃድ ካልኦት ኣካላትን እዩ
ዝነበረ።

15 ሕዳር 2026 - ገጽ 5

ማሕበራዊ ኩነታት

ናጽነት ደስበለ - ሳምራዊት ሞለስ

Bisha Mining Share Company
P.O. Box 4276
Asmara
Eritrea

Tel: (+291) 1124941
Fax: (+291) 1124941
www.bishamining.com

VACANCY ANNOUNCEMENT

Employees of Bisha Mining Share Company are invited to apply for the Following positions.

1. **Position: Boilermaker**

   Department: Processing Plant
   Section: Engineering Maintenance
   Number Required: One (01)

Primary Purpose

- Carries out general "Boilermaker / Welding / Fabrication" work/repairs on allocated equipment. (General repairs; fabrication of steps & handrails; door frames; feed chutes; pipes, etc.).

TASK DESCRIPTION Expanded TO CORE PERFORMANCE AREAS

Planning

- Follows the "Planned Maintenance Schedule". (Work Orders)
- Makes a list of parts and equipment required.

Implementation of the Plan

- Identifies the highest priority for each day and focus on completing relevant tasks.
- Ensures good housekeeping.
- Lays out, positions and secures parts and assemblies according to specifications, using "straight bridge"; combination square; callipers; and ruler.
- Tack-welds or welds components and assemblies, using electric, gas, arc, or other welding equipment. First assesses the area to be welded.
- Operates manual and automated welding units and equipment by depositing metal from electrode to work piece and joins the edges.
- Uses disc grinder to smooth out, weld, or grind parts prior to welding.
- Maintains correct length of arc and speed of movement to form specified depth of fusion and bead.
- Welds in flat and vertical planes (all position welding).
- Examines weld for bead size and other specifications.
- Grinds or cleans weld joint of work piece.
- Fabrication of new or replacement parts for equipment; ladders; walkways; covers; etc.
- Assembles component parts, using hand and small power tools.
- Follows other instructions relating to the position.
- Ensure safety requirements are fulfilled at the work place, including leading Field Level Risk Assessment (FLRA) and proper use of the appropriate PPE. Report any safety issues/ incidents.
- Comply with mine's cardinal rules and other safety, environmental or other rules and standards as directed. Identifies any hazards in the work place.
- Attends technical and other training as required by supervisor.

Writing Reports & Data Control

- Compile daily; progress reports as requested.

Unique requirements/other information

- Candidate must be physically medically fit
- Must be able to work outside exposed to Heat, wind and dusty environments
- Must be able to work at Height
- Eritrean Driver's License Minimum Code 2 will be an advantage.

Qualifications:
• Formal Trade for Ex-Pats (Boilermaker / Welder). Diploma in Management
Knowledge and Experience:
• 3 - 5 years relevant experience

Technical Skills	Behavioural Skills
• Computer Literacy (MS Office – basic,) • Attention to detail, Analytical skill • Boilermaker & Welding experience • Problem solving skill	• Communication (English) • Integrity & High level of accuracy • Prioritizing skills & multi-skilling • Ability to work towards strict deadlines & Self-motivation.

General Information and other requirements:

- **Place of Work: Bisha.**
- **Salary: As per Company salary scale.**
- **Type of Contract: Indefinite**
- **Candidate must be Physically and Medically fit.**

Additional requirements for Nationals:

- **Having fulfilled his/her National Service obligation and provided evidence of release paper from the Ministry of Defense.**
- **Present clearance paper from current/last employer.**
- **Testimonial documents to be attached (CV, work experience credentials, a copy of your National Identity Card etc.).**
- **Only shortlisted applicants will be considered as potential candidates for an interview.**
- **Application documents will not be returned to sender.**
- **All applications should be sent through the post office.**
- **Deadline for application: 10 days from the day of publication in the Newspaper.**

Address: Please mail your applications to.
Bisha Mining Share Company,
P. O. Box 4276
Asmara, Eritrea

Note to Eritrean applicants:
Please send a copy of your application to
1.Aliens Employment permits Affairs,
P. O. Box 7940
Asmara, Eritrea.

2.Mineral Resources Management
P. O. Box 272
Asmara, Eritrea

NOTICE

The shareholders of Di-Marathon Pasta Manufacturing p.l.c, in the extra ordinary meeting held on October 26, 2026 have approved the transfer of 39 shares owned by W/ro Simret Bereket to Ato Simon Weldeyesus Gebremariam and W/ro Yirgalem Gebrehiwet. Accordingly, Art. 2 of the Memorandum of Association of the Company is amended to read as follows:

Name of shareholder	Nationality	Address	No. Shares
1. Ato Simon Weldeyesus	Eritrean	Asmara	61
2. W/ro Yirgalem Gebrehiwet	Eritrean	Asmara	5

DI-MARTHON PASTA MANUFACTURING P.L.C

ሓራጅ

ብፍርዲ ብዕል መሳል ወ/ሮ ማኣዛ ንብረእየሱስ ንብረተን ዝኾነ ናይ ብዘክለታ ኣቑሑት ብፍቓደን ክርከበኡ ስለዘይተኣኡ ኣብ ዓብዱዋ ነባቢ እንዳ ሚርማይ መናፈሻ ኣብ ክራይ ዝ እንዳ ወ/ሮ ኣመና ተኽለሚኤል ተቐማጡ ዘሎ 1ይ ነቓምፕረር መንፍሒ ናይ 1.50 ሜጋ ዋጋ 25,000.00 ናቕፋ 2ይ እዝኽለ ሓጺን ብዘሕ 24 ጠቕላሉ ሜጋ ዋጋ 3,600.00 ናቕፋ 3ይ ባሽ ሜቢ፡ ሜጋ ዋጋ 1,000.00 ናቕፋ 4ይ በርናኖ ቾንዝሮ ብዘሕ 150 ጠቕላላ ዋጋ ሜጋ 2,250.00 5ይ ሜሽነሽ ብዘሕ 480 ሜጋ ዋጋ 3,840.00 ናቕፋ 6ይ እዝኽለ ተቐሚሉ ሓጺን ብዘሕ 25 ጠቕላላ ሜጋ ዋጋ 2,500.00 ናቕፋ 7ይ ሞርሳ ብዘሕ 01/ ሜጋ ዋጋ 4,000.00 ናቕፋ 8ይ ሞላ መልሓሚ በትሪ ብዘሕ 01 ሜጋ ዋጋ 1,000.00 ናቕፋ 9ይ ቸርንዮ ብዘሕ 16 ሜጋ ዋጋ 1,280.00 ናቕፋ 10ይ ኪያቤቲ ብዘሕ 10,000.00 ሜጋ ዋጋ 10,000.00 ናቕፋ ነምኡ'ውን ዝተፈላለየ ዓይነት ኣቑሑት ናይ ብዘክለታ ብሓፊኡኡ ናይ ብምሉኡ ናይ ሓራጅ ሜጋ 70,905.00 ኮይኑ ብሓራጅ ስለዘሸሞኑ ክወዳደር ዝደለ፡ ቅድሚ ዕስት ሓራጅ ዘሎ ሓመሽቱ መሳልታት ጀሚሩ ናይቲ ክወዳደረሉ ዝደለ መጠን ገንዘብ ብሞጥቃስ ኣብ ፖስታ ብምሽዮኑ ኣብ ቤት ጽሕፈት ፊጽሚ ፍርዲ መንደፈራ ኣብ ዝተዳለወ ፎርው ሳንዱቕ የእቱ። ኣብ ዕስት ሓራጅ ናይ ዝተዋህበ ሜጋ ዋጋ ገንዘብ 1/4 ሲ.ፐ.ኦ (C.P.O) ኣሪሑ ወይ ናይ ባሽ በትክ ብምትሓዝ ክወዳደር ይኽእል።

ዕስት ሓራጅ፦ 11/12/2026
ሰዓት ሓራጅ፦ 8:30 -9:30
ቦታ ሓራጅ፦ ፊጽሚ ፍርዲ ዞባ ደቡብ መንደፈራ

ሓዳስ ኤርትራ መበል 36 ዓመት ቁ.66 15 ሕዳር 2026 - ገጽ 7

ወግዒ ምስ ሸሪፋን ኣሮዲን

እስቲፋኖስ ገብረኪዳን (ሃረም)

ሸሪፋ ክቱር ድርፋ፡ ኣብ ግዜ
ቁልዕነታ ከላ ጀሚራ ጎረሮኣ ዝሰሓለት፡
ኣብ መርዓን ካልእ ባህላዊ ጸወታታትን
ድምጻ ዘንጎድጎደት፡ ካብ መፋርቕ
ሰብዓታት ንያታዊ መሳርሒታት
ሙዚቃ ብሄረ ኩናማ ናብ ዘመናዊ
መሳርሒታት ህርመት ምስ ፖሊስ
ባንድ ኮይና ዘሰጋገረት ዓባይ ስነጥበበኛ
እያ።
ሸሪፋ ኣብ ግሉል እትበሃል
ንእሽተይ ቁሸት ተወሊዳ። ግሉል
ካብ ባረንቱ 4 ኪሎ ሜተር ርሒቓ
ትርከብ። ወለዳ ሓረስቶት ብምንባሮም
ንሳ’ውን ኣብ ጉስነት እናተሓጋገዘቶም
እያ ዓብያ። ናብ ባረንቱ እናተመላለሰት
ከኣ ክሳብ 5ይ ክፍሊ ተማሂራ።

ኣብ ግዜ ውራያትን ማእቶትን
ካልእ ጸወታታትን ብእትሰምዖ
ዝነበረት ደርፍታት ተጸልያ፡ ደራፊት
ክትከውን ብሂጋ። ምሸት ዝሰመዓቶ
ቀትሪ ኣብ ምጉሳይ መሓስኣት ምስ
ወፈረት ትደግሞ፣ ተስተማቕሮ ድማ።
ኣጋጣሚታት ተጠቒማ ምስ ዓበይቲ
ደረፍቲ ተጸጊዓ ደርፊ ትቕበልን
ምስኦም ብድምጻ ተሰንዮምን። ኣብ
ከባቢኣ ከበሮ ትሪም እንተ ኢላ ግዜ
ከይወሰደት ደበኽ ትብል። ንድሌታ
ሓያል ተውህቦ ተደሪብዎ ክትነጥፈሉ
ግዜ ኣይወሰደላን። እቲ ቀጢንን ወኒ
ዝቕስቅስን ድምጻ ኣብ ልቢ ሰባት
ኣትዩ ተምሳጥ ኣሕዲሩ። ካብ ህዝቢ
ድማ ብዙሕ ምትብባዕ ረኸበት። ኣብ
ባህላዊ ጸወታታት መርዓታት ካልእን
እናተዓደመት ክትከይድ ጀሚራ። ካብ
እትነብረላ ቁሸት ሓሊፋ ናብ ባረንቱን
ካልእ ናይቲ ከባቢ ዓድታትን መረዋሕ
ድምጻ ኣቃልሐ።

ሸሪፋ ቅድሚ ናጽነት ኣባል ፖሊስ
ባንድ እያ ነይራ። ናብ ፖሊስ ባንድ
ብኸመይ ከም ዝኣተወት ከተዘንቱ ከላ
ከምዚ ትብል፥

“በቲ ኣብ ባህላዊ ጸወታ ዘጥረኹዎ
ህቡብነት፡ ካብ ኣስመራ ዝመጽኡ
ሙዚቀኛታት ምሳና ክትሰርሒ ኢሎም
ሓቲቶምኒ። ድምጽኺ ጥዑም’ዩ ናይ
ኩናማ ደራፊት ድማ ተድልየና ኣላ።
ንሳ ድማ ንስኺ ኢኺ ኢሎምኒ። ሕራይ
ኢለዮም። ሽዑ ብዙሕ ዝፈልጦ
ኣይነበረንን። ብዘይካ ባረንቱን ከባቢኣን
ካልእ ዓዲ ዘሎ ኣይመስለንን ነይሩ።
እሞ ናብ ኣስመራ ንዕናይ ኢሎምኒ።
ኣስመራ ሽዑ ኣይፈልጣን እየ ነይረ።
ኣብየዮም። ካብ ዓድኻ ወጺእካ ዝንበር
ኮይኑ ይስምዓኒ ኣይነበረን። ንስኺ
ደራፊት ስለ ዝኾንኪ ሓንሳብ ደሪፍኪ
ተጻዊትኪ ቀልጢፍና ክንመልሰኪ ኢና
ኢሎምኒ ኣይኣመንኩዎምን። ናይ
ቋንቋ ጸገም እውን ነይሩኒ። ትግርኛ
ይኹን ኣምሓርኛ ኣይፈልጥን እየ።
ብሓገዝ ሰባት እየ ዝረዳዳእ ነይረ።
መዓስ ክትመልሱኒ ኢለ ሓቲተዮም።
ድሕሪ ኣርባዕተ መዓልቲ ክትምለሲ
ኢኺ ኢሎም ከእምኑኒ ፈቲኖም።
ድሕሪ ክንደይ ለመና ሕራይ
ኢለዮም። ወሲዶምኒ።
“ናብ ኣስመራ ብንእሽተይ መኪና
ኢና ተጓዒዝና። ኣብ መንገዲ ብዙሕ
ዓድታት እናረገጽና ኢና ከይድና።

መጀመርያ ዘጥፍኡኒ ዘለዉ ኮይኑ
እዩ ተሰሚዑኒ። ንእሽተይ ስለ ዝነበርኩ
ድፍረት ሓዊሰ ተጸሚመ ከይደ።
ኣብ ኣስመራ ሰምበል ዝበሃል ቦታ
ኣቲና። ኣብኡ ከምዚ ከማይ ብዙሓት
ካብ ዝተፈላለዩ ቦታታት ዝመጽኡ
ጸኒሖምኒ። ንብሄራት ንውክል ደረፍቲ
ኢና ተኣኻኺብና። ብሌን፡ ሳሆ፡ ዓፋር፡
ናራ፡ ብንዓምር፡ ኩናማ፡ ትግረ ነይርና።
ካብ ከረን፡ ሓልሓል፡ ዓዲቀይሕ፡ ዓሰብ፡
ባጽዕን ካልእን ዝመጽኡ ነይሮም። ኣነ
ድማ ካብ ባረንቱ።

“ንድቅሰሉ ገዛ ተዋሂቡና ምግብናና
ድማ ብሓባር። እቲ ዝነበርናዮ ቦታ
ፖሊስ ባንድ ከም ዝብሃል፡ ናይ ሙዚቃ
ስራሕ ከም እንሰርሕ ተነጊሩና። ብዘይካ
ከበሮ ካልእ መሳርሒ ኣይፈልጥን
ነይረ። ትምህርቲ ሙዚቃን ልምምድን
ጀሚርና። ሸሪፋ እንታይ ኢኺ
ትደርፊ ኢሎምኒ። እታ ብብዝሒ
ዘዘውትራ ዝነበርኩ ናይ ህዝቢ
ባህላዊት ‘‘ኣለላያ ኣለላያ ስባጋላ’’
ትብል ደርፊ ኣስሚዐዮም። ኣብቲ
ናይ ልምምድ ኣደራሽ ማይክሮፎን
ሒዘ ብዘመናዊ መሳርሒታት ተሰንየ
ደሪፈያ። ‘‘ብራዋ ወይነ’’ ትብል
ደርፊ ደጊመ። ዋሕዚ ግጥምታቱን
ውህደት ዜማን ስጡም ብምንባሩ
ኣብ ሙዚቀኛታት ከይተረፈ
ተምሳጥ ኣሕዲሩ። ምስ ወዳእኩ
ኣጣቒዖምለይ። ሓበን ተሰሚዑኒ ኣዝየ
ተሓጒሰ። ንህዝቢ ባረንቱን ከባቢኣን
ብኸምዚ ደሪፈ ከሰራስሮን ከዐንድሮን
ተራእዩኒ። ናብ ባረንቱ ምምላስ
ረሲዐዮ ዝነበርኩ መሊሱ ህንጡይነት
ፈጢሩለይ። ድሕሪኡ ኣብ ሰንበል ገዛ
ተዋሂቡኒ ይቕመጥ ነይረ። ንባረንቱ
ኣይተመለስኩን። ውትህድርና
ተማሂረ። ወተሃደር ፖሊስ ኮይነ።
ኩሎም ኣባላት ፖሊስ ባንድ፡ ቅድም
ናይ ፖሊስ ትምህርቲ እዮም ዝመሃሩ።
ደራፊትን ተላሃይትን ዝነበርኩ
ከይተፈለጠኒ ወተሃደር ማለት ፖሊስ
ወሲኸሉ። ምስ ብዙሕ ሰብ ተላልየ፡
ሕጊ ምኽባርን ዲሲፕሊንን ፈሊጠ።
ኣዝዮም ብዙሓት ባህላዊ
ደርፍታት ናይ ኣቦታት ይኹን
ኣደታት ጨፈራታት ብያታውን
ዘመናውን መሳርሒታት ተጻዊተ።
ንነዊሕ ዓመታት ኣብዚ ቦታ ጸኒሐ።
ኣብ ሬድዮ ተመሊኡ ይድረፍ ነይሩ።
ዕላል ሸሪፋ ምስ’ቲ ወልደፍደፍ
ኣደማምጻ ቃላት ትግርኛ ዝምኖ
ኣይኮነን።

ሸሪፋ ብያታዊ መሳርሒ ዝጀመረ
ስሑል ድምጻ ኣብ ፖሊስ ባንድ
ብምጽንባር ዕዙዝ ኣበርክቶ ገይራ።
ብዘመናዊ መሳርሒታት ደሃያ
ዘንጎድጎደትን ንብሄረ ኩናማ ወኪላ
ኣብ ዝተፈላለየ ብዙሓት ሃገራት
ኣፍሪቃ፡ ኤውሮጳ፡ ማእከላይ ምብራቕን
ምርኢታት ኣቕሪባ። ካብ ባረንቱ
ተበጊሳ ዓለም ዳርጋ ኩላ ዘይራታ።
ብዙሓት ደርፍታት ኣፍርያ።
ድሕሪ ናጽነት ብዙሕ ምርጫታት
እኳ ቀሪቡላ እንተነበረ፡ ደርፊ ገዲፋ
ናብ ዝተወልደትሉ ከባቢ ናብ ጥቓ
ስድራኣ ብድሌታ ክትምለስ መሪጻ።
ኣብ ባረንቱን ከባቢኣን ፖሊስ ኮይና
ኣብ መደበራት ፍተሻን ተርጓሚትን

ኮይና ንነዊሕ ግዜ ሰሪሓ።

ሸሪፋ እቲ ናይ ሙዚቃን ደርፍን
ግዚኣ ሓሊፉ ሎሚ ዕድመ ደፊኣ
ሸምጊላ ትርከብ። ኣብ ትውልዲ ዓዳ
ግሉል ሓረስታይ ኮይና ትነብር ኣላ።
ምስ ዘለዋ ዝንባለን ሓቦን ኣብ ሕርሻ
ሓላፊት ምቁጽጻር ኣግራብን እንስሳ
ዘገዳምን እቲ ትነብረሉ ከባቢ ኮይና
ትነጥፍ ኣላ። ባህልን ስነ ምግባርን
ናብ ሓድሽ ወለዶ ንምትሕልላፍ ኣብ
ሓያል ጻዕሪ ትርከብ። መንእሰያት
ብምእካብ ድማ ክመሃሩን ንፉዓት
ኮይኖም ሃገሮም ከገልግሉን ክሃንጹን
ትምዕድን ትመክርን ትምህርን።

ኣሮዲ፡ ዋና ህብብቲ ደርፊ

ኣሮዲ ቶሊ ኩመላ ይበሃል።
ቢንቢና ተወሊዱ ዓብዩ። ኣብ ብሄረ
ኩናማ ኣብ ሕርሻ ብዙሕ ባህላዊ
ደርፍታት ኣሎ። ኣብ ማሕረስ፡ ዓጺድ፡
ዓውድን ካልእን ዝሰምዖ ዝነበረ ናይ
ህዝቢ ደርፍታት ይምስጦ ብምንባሩ፡
ደራፋይ ናይ ምዃን ብርቱዕ ስምዒት
ኣሕደረ።

ወዲ 15 ዓመት ከሎ ኣብ ናይ
ዓዲ ባህላዊ ጸወታ ክደርፍ ጀሚሩ።
ቀልጢፉ ደርፊ ይሕዝን ይመልኽን
ብምንባሩ ኣይተሸገረን። ኣብ ዓዲ ኣብ
ዝነበረ ናይ ከበሮ ጸወታ ዘቕረቦ ደርፊ
ጎሊሑ ወጺኡ። ጥዑም ድምጺ ስለ
ዝነበሮ ህዝቢ ፈትዩዎ። ኣሮዲ ኣብቲ
ዓዲ ናይ ኣወዳት መሪሕ ኮይኑ ክደርፍ
ጀሚሩ። ካብ ኣቦታቱ ብዝሰምዖ ኣብ
ግራት እናሰርሑ፡ ኣብ ግዜ ጻህያይ፡
ዓውዲ ክድግድጉ ከለዉ ዘቕርቦ ደርፊ
ስም ኣትሪፉሉ። ኣባንጋላ መሳርሒ
ሙዚቃ ለሚዱ። ካብኡ ናብ ባረንቱ
ኣትዩ። ኣሮዲ ቶሊ ንብሄረ ኩናማ
ዝውክሉ ደርፍታት ኣብ ምፍራይ

ብብዙሕ መንገዲ ደሚቑ ተራእዩ።
ዝያዳ ኩሉ ድማ “ኣለሙየ” ትብል
ደርፉ ልዑል ህቡብነት ኣውሂባቶ።
እዛ ደርፊ ድማ ተዘካሪት ካብ ምዃን
ሓሊፋ ኮኾብ ደርፍታት ኩናማ
ክትስመ ዝኸኣለት እያ። “ኣለሙየ”
ኣብ ግዜ ንእስነቱ ብፍቕሪ ሓንቲ ጎርዞ
ምስ ተሰነፈ ዝደረፋ ካብ ሓቀኛ ዛንታ
ዝተበገሰት እያ።

ኣሮዲ፡ “ኣለሙየ” ትብል ህብብቲ
ደርፉ ብከመይ ከምዝደረፋ ከዘንቱ
ከሎ ከምዚ ይብል፥

“ኣብ ባረንቱ ምስ ክልተ
ኣዕሩኽተይ ክንዛናጋዕ ኣብ ሓደ እንዳ
ስዋ ኣቲና። ኣብኡ ሓንቲ ‘ኣለሙየ’
ዝስማ ጎርዞ ክትሰርሕ ጸኒሓትና።
ዳጋ እናሰተና ተላሊናያ። ምስ
ኣዕሩኽተይ ኣነ ክምርዓወኪ ኣነ
ክምርዓወኪ ኢልና ንጻወታ ነይርና።
እቶም ክልተ ኣዕሩኽተይ ናይ
ብሓቂ ሓሲቦም ድዮም ዋላ እንታይ
ዝፈልጦ ኣይነበረንን። ድሓር ግን
ኣዝየ ፈትየያ። ናብቲ ስርሓ ንመላለስ
ነይርና፡ ንኣዕሩኽተይ ነጊረዮም።
ከምዘፍቀርኩዋ። ንኣለሙየ ግን ካብ
ዋዛን ዕላልን ሓሊፈ ከም ዘፍቅራ
ክገልጸላ ኣይከኣልኩን። ከይረኣኹዋ
ክሓድር ወይ ክውዕል ኣይክእልን
ነይረ።
ሓደ ግዜ ኣብ ስርሓ ከይደ
እስእና። ኩነታታ ሓቲተ ደሃያ
ከጣልል ፈቲነ ፈጺመ ክረኽባ
ኣይከኣልኩን። ኣብቲ ከባቢ ዘለዋ
ዓድታት ክደልያ ወሲነ። ሻምብቆ፡
ቢንቢና፡ ብሹካ ከይደ ደሃያ ስኢነ።
ድሕሪ ገለ ግዜ ሱዳን ከም ዝኸደት
ሰሚዐ። ደብዳበ ሰዲደላ መልሲ ግን
ኣይረኸብኩን። ድሕሪ ሓያሎ ግዜ
ናብ ባረንቱ ተመሊሳ ከም ዝመጸት
ሰሚዐ። ካብ ሓንጎለይ ምውጻእ
ኣብያትኒ። እንደገና ከም ብሓድሽ
ክደልያ ተበጊሰ። ኣብ ናይ ቀደም
ስርሓ ሓቲተ ‘ኣይመጸትን’ ኢሎምኒ።
ኣብ ሓደ ድኳን እንዳ ባድዮስ ዝብሃል
ከም ዘላ ሰሚዐ ከይደ ሓቲተ። ኣብኡ
እውን ኣይረኸብኩዋን። ስኢነያ።

ንካልኣይ ግዜ ደልየ ምስ ሰኣንኩዋ
ተበሳጭየ ዝገብሮ ጠፊኡኒ። ኣብቲ
ጥቓ ድኳን እንዳ ባድዮስ ደቂ ሃውሳ
ሸቃጦ ነይሮም። ኣብቲ ጠረጴዛ ከምዚ
ኩሕሊ ዓይነት ዝተጠቕለለ ነይሩ።
‘እዚ እንታይ እዩ፧’ ኢለ ሓቲተዮም።
እዚ ፈውሲ ኣንጭዋ ኢሎምኒ። ‘እሞ
ካብዚ ወሲደ ሰትየ ክመውት ኣለኒ’
ኢለ ሓሲበ። ምኽንያቱ ኣይከኣልኩን
ካብ ዓይነይ ምኽዋል ኣብያትኒ።

ግን ኣብ ሓንጎለይ ሓደ ሓሳብ
መጺኡኒ። ቅድሚ ሞተይ
ነዚ ዘጋጠመኒ ዘሎ ኩነታት
ዘይደርፈሉ ኢለ። ‘ኣለሙየ’
ኢለ ደሪፈላ። ‘ኣለሙየ’ ምስ
ደረፍኩ ተፈላጥነተይ መሊሱ
ዓብዩ። ኩሉ ሰብ ‘ኣለሙየ’
ኢሉ ክደርፍ ጀሚሩ። ብኡ
ገይረ ክመውት ዝሓሰብኩዎ
ረሲዐዮ። ኣባንጋላይ ሒዘ
ኣብ ብዙሕ ቦታታት ንነዊሕ
ዓመታት ‘ኣለሙየ’ ኢለ ሰብ
ኣዘናጊዐ” ይብል ኣሮዲ ዛንታ
ናይታ ደርፊ ክጸዊ እንከሎ።

“ምስ ኣለሙየ ብድሕሪኡ
ተራኺቦምዶ ይፈልጡ” ኢለ
ስለዝሓሰብኩ፡ ተወከስኩዎ።
“ኣይተራኸብናን። ኣነ በታ ነባሪት
ደርፈይ ዓጊበ ረሲዐያ እየ። ድሕሪ ግዜ
ሓዳር ገይረ። ምስ ሮዛ ትበሃል ብዓልቲ
ቤተይ ምዉቕ ሓዳር መስሪተ ቆልዑ
ወሊደ እነብር ኣለኹ። በቲ ዝዓበኹሉ
ናይ ደርፊን ሙዚቃን ክእለተይ ኣብ
ትሕቲ ሓንቲ ጉጅለ ባህሊ ተጠርኒፈ
እነጥፍ እየ። ዝበዝሕ ሂወተይ ከኣ
ብሕርሻ እነባበር። ኣብ ባረንቱ ምስ
ስድራይ እነብር።”
ኣሮዲ፡ ቡን እናሰተና እንከለና፡
ሓደ ካብ ደቁ ናይ ኣቦኡ ከምዝወሰደን
ኣባንጋላ ክሃርም ጀሚሩ ከምዘሎን
ፍሽኽ እናበለ ኣዕሊሉኒ።
“ኣለሙየ ድሕሪ ነዊሕ ግዜ
ብወረ ከም ዝሰማዕኩዎ፡ ኣብ ሱዳን
ተመርዕያ ሓዳር ገይራ። ኣደ ቆልዑ
ኮይና ትነብር ኣላ። እዛ ደርፊ ንዓኣ
ከም ዝተደርፈትላ ግን ትፈልጥ
ኣይመስለንን፡ መን ክነግራ፧” ይብል
ኣሮዲ።

ንእግረ መንገድና ኣባንጋላ ትበሃል
መሳርሒ መበቆላ ካበይ ምዃኑ
ሓቲተዮ።
ኣባንጋላ ብክልተ ስልኪ ትህረም
ኮይና፡ ካብ ሓምሓም ዘተሰርሐ
ቆፎን ነዊሕ ክሳድን ኣለዋ። ኣባንጋላ
መሰረታ ናይ ብሄረ ኩናማ ዘይኮነት
ናይቶም ኣብ ከባቢ ጋሽ ዝቕመጡ
ቀቢላ ሃውሳ እያ። ኣነ በዛ መሳርሒት
ሙዚቃ ቅድሚ ምጽዋተይ ሓደ
ካልእ ካብ ብሄረ ኩናማ ለሚዱዋ
ምንባሩ እዝክር። ንዕኡ እናረኣኹ እየ
ኣነ ለሚደያ። ድሓር ግን ይትረፍዶ
ካብኡ፡ ካብቶም ቀንዲ ዋናታታ ንላዕሊ
ግን ኣነ ደሚቐላ። ኣብዚ ግዜ እዚ
ድማ ከም ብዓል ሃይለ ናቲ ዝኣመሰሉ
መንእሰያት ጽቡቕ ርዒሞማ ኣካል
ባህሊ ሕብረተ ሰቦም ገይሮማ ኣለዉ።
ኣሮዲ ንብሄረ ኩናማ ዝውክሉ
ደርፍታት ኣብ ምፍራይ ብብዙሕ
መንገዲ ደሚቑ ተራእዩ እዩ።
ዝያዳ ክኣ ‘ኣለሙየ’ ልዑል
ህቡብነት ኣጥርያትሉ። ‘ኣለሙየ’
ኣብ እዝኒ ሰማዕቲ ጦብላሕታ
ዘትረፈት፡ ብብዙሓት ድምጻውያን
እናተደጋገመት ካብ ወለዶ ናብ
ወለዶ ትሰጋገረ ዘላ ደርፊ እያ። ኣሮዲ
መጻኢ መደብ ወይ ሓሳብ ይህሉዎ
ዶኾን ይኸውን፡ ሓተትኩዎ። ልዕሊ
10 ደርፍታት ዝተዳለወ ከምዘለዎ
ካብ ማህደሩ ገንጺሉ ኣርእዩኒ።
ኣሳልጦ እምነየሉ።

ሸሪፋ፡ ህብብቲ ድምጻዊት፡ ተለሃዪት፡ ፖሊስ፡ ሓረስታይ

ሓዳስ ኤርትራ

ሎሚ
ኔሽንስ ሊግ
ፈረንሳ - ቱርኪ 10፡45 ድ.ቐ
ቤልጅዩም - ኢጣልያ 10፡45 ድ.ቐ
ስጳኛ - እንግሊዝ 10፡45 ድ.ቐ

ተረኛ ፋርማሲ ጎደና ቁ.ስልኪ ጎደና ሃገር ቁ.20፡ፊት መስጊድ ገዛ ባንዳ ጥልያን

ጎደና ሸሪርኢት -135፡ከባቢ ኣኽርያ
ጎደና ሰገነይቲ ቁ.84፡ ፊት ቤት ትምህርቲ ጃልያ

119802
08370238
110680

ዕለት

ፋርማሲ ቁ.1 መዓልታውን ለይታውን ኣገልግሎት ትህብ ቁ.ቴሌፎን 127565

ቤት መሸጣ መድሃኒት ራህዋ
ፋርማሲ ኣኽርያ
ፋርማሲ ጃልያ

15/11/2026

መበል 36 ዓመት ቁ.66 15 ሕዳር 2026 - ገጽ 8

ስፖርት
ኣብርሃም ዮውሃንስ (ወዲ ዕቋር)

መአረምታ
ኣብ ናይ ትማሊ ዓምዲ ስፖርት፡ ኣብ ናይ 1500 ሜትሮ ውድድር ኦሎምፒክ መንእሰያት 2026 ካናሪ ተኽለማርያም ዘምጸአታ ነሓስ መዳልያ፡ “ናይ መጀመርያ ጓል-ኣንስተይቲ ዕውትቲ መዳልያ፡” ዝብል ክእረም ምስናይ ይቕሬታኡ ንሕብር። ኣትለት ሳምራዊት መንግስተኣብ፡ ኣብ 2010 ኣብ ሲንጋፖር ኣብ ዝተኻየደ ውድድር ኦሎምፒክ መንእሰያት፡ ኣብ ናይ 3000 ሜትሮ ነሓስ መዳልያ ኣምጺኣ ነይራ እያ።

ተጻወትቲ ማን.ዩናይትድ ካብ ፖቸቲኖ እንታይ ይጽበዩ፧
ማንቸስተር ዩናይትድ፡ ብዓርቢ ካብ 18
ሕዳር ኣትሒዙ ማውሪሽዮ ፖቸቲኖ ንካሪክ
ተኪኡ ከም ዝሰርሕ ኣፍሊጣ ኣላ። እዚ
ኣርጀንቲናዊ ኣሰልጣኒ፡ ክሳዕ ሰነ 2029 ነዛ
ክለብ ክመርሓ ተሰማሚዑ ኣሎ።
‘ቢቢሲ’ ከኣ፡ “ዝመጽእ ዘሎ ሰሙን መዝነት
ዩናይትድ ምስ ተቘጻጸረ፡ ተጻወትቲን
ኣባላታን እንታይ ይጽበዮም ኣሎ፧” ብምባል
ንሓደ ብፖቸቲኖ ዝሰልጠነ ተጻዋታይ ሕቶ
ኣቕሪባትሉ።
ኣብቲ ዕውት ዘመን ፖቸቲኖ ማልያ
ቶተንሃም ለቢሱ ንኣርባዕተ ዓመት
ዝተጻወተ፡ ቶባይ ኣደርዌርልድ መልሲ
ሂብዋ። ንሱ፡ “ፖቸቲኖ ተሰማማዓይ’ዩ፡
ግን ውጥኑ ክትክተል’ዩ ዝደሊ። ንውጥኑ
ተዘይስዒብካ፡ ኣብ ሜዳ ቦታ የብልካን።
ኣኺሉካ ኣይትምለስን ኢኻ፡” ብምባል
ተጻወትቲ ማን.ዩናይትድ ክህልዎም ዝድለ
ባህሪ ኣተንቢሁ።
ኣደርዌርልድ፡ “ንሱ ትኽ ብትኽ’ዩ

ዝዛረብ፡ ምስ ሓሳቡ
ክትሰማማዕን ዘይክትሰማማዕን
ትኽእል ኢኻ። እዚ ኣባኻ’ዩ
ዝምርኰስ። ንስኻ ክትስዕቦ
ጥራይ’ዩ ዘለካ። ማን.ዩናይትድ
እውን እዚ ባህርያት
ክትላበስ’ዩ ዘለዋ። ኵሉ ናብ
ሓደ ኣንፈት ክጒዓዝ ኣለዎ።
ንእኡ ትኽተሎ፡ ተዘይኰይኑ
ትገድፎ’ዩ እቲ መምርሒ፡
” ኢሉ። ፖቸቲኖ፡ ብዛዕባ
ተጻወትቱ ኣብ ሜዳን ካብ ሜዳ ወጻእን
ከም ዝፈልጥ ዝሓበረ ኣደርዌርልድ፡ “ኣብ
ቶተንሃም ስታፍ ኣሰልጠንቲ ነይሮም’ዩ፡ ግን
ንሱ ክህሉ ኣለዎ። ተዘየለ ድማ፡ ንኵነታት
ተጻወትቲ ብቪድዮ ይከታተሎ፡” ብምባል
ንቝጽጽር ፖቸቲኖ ገሊጹ።
ኣደርዌርልድ፡ ቀዳማይ ጠለብ ፖቸቲኖ
ጒያን ብቕዓትን ምዃኑ’ዩ ዝገልጽ።
“ቅድሚ ዅሉ ብቝዕ ክትከውን ኣሎካ።

ናይ ምድላው ግዜ መስካሕክሕ’ዩ፡” ብምባል
ንድላይ ፖቸቲኖ ኣብሪሁ። ማንቸስተር
ዩናይትድ፡ ኣብዚ ወቕቲ ብብቕዓትን ኣብ
ጸወታ እኹል ጒያ ብዘይምክያድን ክትንቐፍ
ጸኒሓ’ያ። ኣብ ጸወታ ብዝሸፈነቶ ርሕቀትን
ዘካየደቶ ጽዑቕ ጒያን ኣብ ፕሪመር ሊግ
ምስ ዳሕረዎት ሓሙሽተ ጋንታታት እያ
ተሰሪዓ። እሞ ድላይ ፖቸቲኖ ኣብ ግምት
ብምእታው፡ ተጻወትቲ ዩናይትድ ምስኡ
ይቕጽሉ ዶ ይዀኑ፧

ኢስፖሲቶ፡ ኣብ ታሪኽ ኢጣልያ ስሙ የመዝግብ
ፍራንሲስኮ ፒኦ ኢስፖሲቶ፡ ብወግዒ ኣብ
መጽሓፍ ታሪኽ ኵዕሶ እግሪ ኢጣልያ ስሙ
ኣጽሒፉ። እዚ ወዲ 21 ዓመት ተጻዋታይ
ኵዕሶ እግሪ፡ ኣብ ታሪኽ ሃገራዊት ጋንታ
ኢጣልያ፡ ዝለዓለ ኣመዝጋቢ ሸቶ ብመንጽር

ደቓይቕ ክኸውን በቒዑ።
ተጻዋታይ ኢንተር ሚላን ዝዀነ
ኢስፖሲቶ፡ ኣብ ኣህጉራዊ መድረኽ ማልያ
ሃገሩ ለቢሱ 14 ግጥማት ኣካይዱ። ትሽዓተ
ሸቶታት ድማ፡ ኣመዝጊቡ። ብመንጽር
ደቓይቕ ክረአ ከሎ ከኣ፡ ኣብ ነፍሲ ወከፍ

88 ደቓይቕ ሓንቲ ሸቶ ኣቝጺሩ ማለት’ዩ።
በዚ ከኣ፡ ነቶም ዝለዓለ ደረጃ ምምዝጋብ
ብዝሒ ሸቶ ኢጣልያ ሒዞሞ ዝጸንሑ
ስሙያት ተጻወትቲ ክሓልፎም ክኢሉ።
ኤንሪኮ ኬዛ፡ ነዚ ክብረ ወሰን ሒዝዎ
ዝጸንሐ ተጻወታይ ኢጣልያ’ዩ።
ኬዛ፡ ብገምጋም ኣብ ነፍሲ
ወከፍ 91 ደቓይቕ ሓንቲ ሸቶ
ብምቚጻር መሪሑ ጸኒሑ።
የግዳስ፡ ኬዛ ምስ ኢጣልያ
ተሰሊፉ ኣብ ዘካየዶ ጸወታ፡
ሸውዓተ ሸቶታት ጥራይ’ዩ
ኣመዝጊቡ። ኢስፖሲቶ ግን፡
ብጻዕቂ ሸቶ እናመዝገበ
ድሮ ሓሊፍዎ ይርከብ። እቲ
ሳልሳይ ደረጃ ሒዙ ዘሎ ካብ
1926 ክሳዕ 1932 ንኢጣልያ
ዝወከለ ጁሊዮ ሊቦናቲ እዩ። ንሱ ኣብ 17
ጸወታታት ኣብ ነፍሲ ወከፍ 102 ደቓይቕ
15 ሸቶታት ኣቝጺሩ።
ኢስፖሲቶ፡ ኣብዚ ኢጣልያ ትሕደሰሉ ዘላ
መድረኽ፡ ናይ ሸቶ ማሽን ብምዃን ተስፋ

ዘሪኡላ ይርከብ። ጉዳይ ኣሌክሳንዳር ኢሳቕ፡ ብዛዕባ ‘ቫር’ ሕቶ የለዓዕል

ኣርሰናል፡ ድሕሪ 14 ዓመት ኣብ
ኣንፊልድ 1ብ0 ምዕዋታ ዝዝከር’ዩ።
እቲ ግጥም ካብ ዝካየድ ክልተ ሰሙን’ኳ
ኣሕሊፉ እንተሎ፡ ዛጊት ኣከራኻርነቱ
ኣየኽተመን ዘሎ።
ኣብ ቀዳማይ እብረ ናይቲ ጸወታ፡
ኣሌክሳንደር ኢሳቕ ናብ ልዳት ኣርሰናል
እናገስገሰ እንከሎ፡ ተኸላኻላይ ኣርሰናል
ቲምበር፡ ማልያኡ ክጐቶ ተራእዩ።
ማእከላይ ዳኛ እቲ ግጥም ኣንዲ
ማሊ ጸወታ ክቕጽል ክውስን እንከሎ፡
‘ቫር’ ድማ፡ ምትእትታው ክትገብር
ኣይደለየትን። እዚ ኣጋጣሚ ኣብ 21
ደቒቕ ዘጋጠመ ክኸውን እንከሎ፡ ዳኛ
ጸወታ ክዛዝም ፊስካ ምስ ነፍሐ ግን፡
መሊሱ ተላዒሉ። ኣሰልጣኒ ሊቨርፑል
ኣንዶኒ ኢራኦላ፡ “ተጻወትተይ ኣብ ዓይኒ
ዳኛ ክኣትው ንኽወድቁ መምርሒ
ክህቦም ኣሎኒ ማለት ድዩ፧” ክብል ከኣ
ነቲ ኵነታት ሓጪጩሉ ነይሩ።
ድሒሩ ኣብ ዝተኻየደ ናይ ክኢላታት
ዘተ ድማ፡ 4 ብ1 ብዝዀነ ድምጺ
ሊቨርፑል ፍጹም ቅላዕ ክወሃባ ከም
ዝነበሮ ገሊጾም። ጸወታታት ኣህጒራዊ

ግጥም ንምክያድ ምስ ሃገሩ ሽወደን ዘሎ
ኣሌክሳንደር ኢሳቕ ድማ፡ ብዛዕባ እዛ
ኵነታታት ኣመልኪቱ፡ ‘ኣፍቶብላደት’
ንእትባሃል ናይ ሽወደን ማዕከን ዜና
መብርሂ ሂብዋ። ኢሳቕ፡ “ብዕላማ
ምውዳቕ ዘድሊ ኣይመስለንን፡” ድሕሪ
ምባል፡ “ብርግጽ ብዛዕባ እታ ኣጋጣሚ
ዘለኒ ንባብ ክዛረብ እንተዀይነ፡ ዳኛ
ክርእያ ዝነበረ ኰይኑ እስመዐኒ፡ ይዅን
እምበር ንኸምዚ ዓይነት ኵነታት
ንምግናን ወይ ‘ዳይቭ’ ክገብር ነይሩኒ
ኢለ ኣይኣምንን እየ፡” ኢሉ።

ንወሳኒ ኣጋጣሚ ዘተ ዘካይድ ጒጅለ
ክኢላታት ፕሪመር ሊግ፡ ንሊቨርፑል
ምቾት ዝፈጥር መግለጺኳ እንተሃበ፡
ካብቲ ናይ 1ብ0 ስዕረት ከናግፋ
ኣይከኣለን። ኣሌክሳንደር ኢሳቕ ግን፡
ናይ ቪድዮ ተክኖሎጂ ነዚ ኣከራኻሪ
ክስተት ካብ ኵዕሶ እግሪ እንግሊዝ
ክኣልዮ’ዩ ዝትስፎ። ኣሌክሳንደር
ኢሳቕ፡ “ምስ ውሁብ ኵነታት ቫርን
ስርዓታቱን፡ ኣብ ከምዚ ኣጠራጣሪ
ኣጋጣሚ ጻውዒት ክገብር ኣለዎ፡”
ይብል።

ሮናልዲኖ፡ ድሕሪ ናይ 11 ዓመት

ብኵራት ናብ ኵዕሶ ዘምለሶ ምስጢር

ብራዚላዊ ሮናልዲኖ፡ ድሕሪ ናይ 11 ዓመት
ብኵራት፡ ናብቲ ጥሮታ ወጺእሉ ዝጸንሐ ኵዕሶ
እግሪ ሎሚ ይምለስ ኣሎ - ብመንገዲ ራቨና።
ራቨና ሎሚ ኣብ ግጥማት ሳልሳይ ድቪዝዮን
ኢጣልያ ኣንጻር ፎርሊ ክትጻወትያ።
ኣሰልጣኒ ራቨና ኣንድሬ ማናዶሊኒ፡
ሮናልዲኖ ማልያ ክለቦም ለቢሱ ከም ዝጻወት
ከረጋግጽ እንከሎ፡ “ሮናልዲኖ ንከባቢ 30
ደቒቕ ኣብ ሜዳ ክረአ’ዩ፡” ኢሉ።
እዚ ኣብ ታሪኽ ኵዕሶ እግሪ ‘ኣደናቒ’
ታሪኽ ዘጽሓፈ ኮኾብ ተጻዋታይ፡ ድሕሪ 11
ዓመት ናብ ጸወታ ክምለስ ዝቀሰቦ ምኽንያት
ድማ፡ ገሊጹ ይርከብ።
ምስ ጋዜጣ ‘ላ ጋዜጣ ደሎ ስፖርት’ ዝርርብ ዘካየደ ሮናልዲኖ፡ ‘ዕርክነት’ ድሕሪ 11 ዓመት ናብ ኵዕሶ እግሪ ክምለስ ዝገበሮ ቀዳማይ ምኽንያት ምዃኑ ይገልጽ። ንሱ፡ “ምስ ፕረዚደንት ራቨና ኢግናዚዮ ቺፕሪያኒ ዘለና ምሕዝነትን፡ ኣብ መጻኢ ብሓባር ክንጭብጦ እንደሊ ዕላማታትን እዩ እቲ ምኽንያት፡” ብምባል ነቲ ናብ ጸወታ ዘምልሶ ዘሎ ምስጢር ኣብሪሁ።
ሮናልዲኖ፡ ካብ 2008 ክሳዕ 2011 ምስ ኤስ ሚላን ዝነበረ ክኸውን እንከሎ፡ ማልያ ሚላን ለቢሱ ኣንጻር ሮማ ኣብ ታሕሳስ 2010 ዘካየዳ ጸወታ ናይ መወዳእታ ግጥሙ ኣብ ኢጣልያ ነይራ።
ሮናልዲኖ፡ ኣብ 2015 ማልያ ፍሎሚነስ ለቢሱ ድሕሪ ዘካየዶ ጸወታ ከኣ፡ ካብ ኵዕሶ እግሪ ን11 ዓመት ጥሮታ ወጺኡ ጸኒሑ።

መደብ ጸወታ

“ጓርድዮላ፡ ንኵዕሶ እግሪ ቀቲልዎ’ዩ....” ምክትል ፕረዚደንት ዩኤፋ

ማልያ ጁቬንቱስን ሮማን ለቢሱ
ዝተጻወተ ፖላንዳዊ ምክትል
ፕረዚደንት ኵዕሶ እግሪ ኤውሮጳ
ዘሎ ዚቢ ቦኔክ፡ ኣብ ልዕሊ ጓርድዮላ
ዘለዎ ቅሬታ ኣስሚዑ።
ዚቢ ቦኔክ፡ ኣብቲ ንፐፕ ጓርድዮላን
ማራዶናን ኣተኵሮ ገይሩ ምስ
‘ኮሬረ ደሎ ስፖርት’ ዝገበሮ ቃለ
ምሕትት’ዩ ነዚ ቅሬታኡ ኣንጸባሪቑ።
“ኣብ ልዕሊ ጓርድዮላ ልዑል
ኣኽብሮት’ዩ ዘሎኒ። ግን ንኵዕሶ
እግሪ ቀቲልዎ’ዩ፡” ዝበለ ዚቢ
ቦኔክ፡ ጓርድዮላ ዝኸተሎ ቅዲ ከም
ዘይብርሆ ገሊጹ። ቅዲ ጓርድዮላ
እንካን ሃብን ምዃኑ ዝገለጸ ቦኔክ፡
“ንየማን ትኸይድ፡ ንድሕሪት

ተመሊስካ ድማ፡ ናብ ጸጋም
ትኸይድ፡ ኣብ መወዳእታ ጸወታ
ከኣ፡ 1788 ምቅብባል ትገብር፡
” ኢሉ። ንቕድሚት ምኻድ ከም
ዝሕጒሶ ብምሕብራ ከኣ፡ “ጋንታ
ሸቶ ክትሃድን ኣለዋ። ኣብዚ ዓመት
ነዚ ንቕድሚት ብምኻድ ዝግበር

ቅዲ ኣጸዋውታ ላዝዮ ትኽተሎ
ኣላ፡” ክብል ኣረዲኡ።
ዚቢ ቦኔክ፡ እዚ ንቕድሚት
እናገስገስካ እትገብሮ ጸወታ
ሓደገኛ ምዃኑ ብምግላጽ፡ እዚ
ቅዲ ግን ንኵዕሶ እግሪ ኣደሳቲ
ዝገብሮ ምዃኑ ይሕብር።
“ብቀሊል መንገዲ፡ ብውሕድ
ምቕብባል ሸቶ እትደልየሉ ጥበብ
ኵዕሶ እግሪ እየ ዝፈቱ። ውሑድ
ምቕብባል ግን ከኣ፡ ቅልጡፍ ጸወታ።
ከምዚ ናይ ላዝዮን ሮማን። እምበር
ከምዚ ኵዕሶ ንድሕሪት እናመለስካ
ዝቐትለካ ጸወታ ምክያድ ክጠፍእ
ኣለዎ፡” ብምባል ንጥበብ ጓርድዮላ
ነቒፉዎ።